
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.209 | ቀዳም 2 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3  ካብቲ ደንቂ ኒኮላስ ተስላ

ገጽ 7 ምልክታ

ገጽ 10  ካብ ምዝመዛ ጉልበት

ገጽ 11  ያፈት መልጌታ፡ ኣብ ዙር በኒን፡ ኣብ ፖድዮም ደይቡ

# ዓለምለኻዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ

ባሕቲ ግንቦት - ዓለምለኻዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 136፡ ኣብ ሃገርና ድማ ንመበል 35 ግዜ ተዘኪሩ።

"ውፉይ ሰራሕተኛታት፡ ደራኺ ንልምዓት!" ብዝብል ቴማ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ኣቶ ክብርኣብ ኪዳነ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ዝኽሪ ባሕቲ ግንቦት - ክብሪ ስራሕ፡ ዋጋ ህርኩትና ሰራሕተኛታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ መላእ ዓለም ንዝካየድ ዘየቋርጽ ቃልሶም ንርትዓውነት፡ ማዕርነትን ምቹእ ኩነታት ስራሕን ዘዘኻኽር ደወል ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣቶ ክብርኣብ ኣስፋሃ፡ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ኣብ ምውፋብ ሰራሕተኛታት፡ ምሕያል ደቂኣንስትዮ፡ ምምልማል መንእሰያት፡ ብሓፈሻኡ ከኣ ኣብ ኣቕርቦት



ስእሊ. ክብሮም ጻሃየ



ትምህርታዊ፡ ሞያውን ቴክኒካውን ስልጠናታት ምቕላል ኣበርክቶ ከዕብር ከምዝጸንሐ፣ ኣድማዕነቱን ስፍሓቱን ክዕቢ ብምሕላን ድማ፡ ብብዝሒ ማእከላት ስልጠና ንኽህሉ ትሕተ-ቕርጻዊ ስራሓት ይዳሎ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ቃል ፌደረሽን ኣሰራሕቲ ዘቕረበ ኣቶ ብርሃ ጉብረሂወት ብወገኑ፡ እዛ ዕለት - ኩሉ ኣበርክቶ ሰራሕተኛታት ዝዝከረላን ዝምስከረላን፡ ከምኡ'ውን ዝኸደለን ኣዋርሕ ዘለዎን ዝጸንዓን ምዃና ብምሕባር፡ ብዚይ ወፋይ ሞያዊ ኣቕዲውን ኣእምሮን ክሰምር ዘኽእል ራኢ ሰለዘለዎ፡ ኩሉመዳያዊ ጻዕሪ ሰራሕተኛታት ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልዴሰብ ኢሲሳ ድማ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ባሕቲ ግንቦት፡ ምዕሩይ ናይ ስራሕ ኩነታት፣ ማሕላት ዕዮን ሰብኣዊ ክብሪ ሰራሕተኛታትን ብምርግጋጽ ኣፍራይነትን መካዘኑትን ንምድራኽ ናይ ዘተደናዮ ቃልሲ ወጽኢት እናስተማቐርና፡ ብደምቀት ትብዓል ከምዘላ ገሊጹ።

እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ብባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት ደሚቑ ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣባላት ቀዋሚ ዘርፆ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት - ዓለምለኻዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ከተማ ኣስመራ ናይ ጽረት ወፈራ ኣካዪዶም።

# ቅነ ክታበት ኣፍሪቃ ተዘኪሩ

ቅነ ክታበት ኣፍሪቃ፡ "ጥዕና ደቅና ክረጋገጽ፡ ወለድን ኮምን ብጥምረት ንስራሕ" ብዝብል ቴማ፡ ብ30 ሚያዝያ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ምብህዛልን ስልጠናን ኣቶ ኣማኒኤል ግርማጼን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝኽሪ ቅነ ክታበት ኣፍሪቃ ዝዝከረሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ እዋናዊ ኣህጉራዊ ሓበሬታን ቅጥዕታትን ብምኽታል፡ ንህጻናትን ኣብ ክሊ ዕድመ ወሊድ ዝርከባ ደቂኣንስትዮን ካብ ሕማማት ንምክልኻል ንዝተኣታተወ ክታበት ብምምዕባል፡ ቀጻልነቱ ንምውሓስ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ሃገርና 14 ዓይነታት ክታበት ተኣታትዩ ብስሩዕ ይወሃብ ከምዘሎ ዝሓበረ፡ ኣወሃሃዲ ሃገራዊ መደብ ክታበት ኣቶ ቴድሮስ ደሕደን፡ ኣብ መጀመርያ ናጽነት ካብ ሓደ ሽሕ ህጻናት 150 ሞት የጋጥም ዝነበረ፡ ኣብዚ እዋን ሽፈነ ክታበት ናብ 98 ሚእታዊት ክብ ብምባሉ መጠን ሞት ናብ 35 ከምዝወረደ ገሊጹ።



ክኢላ ሕክምና ህጻናት ዶ/ር ጸገሬዳ መሓሪ ብወገና፡ ንፖሊስን መምርሕን ተጠቀምትት ክታበት ዝገልጽ ጽሑፍ፣ ከምኡ'ውን ኣጉዳስት ክታበት ሕማም ወደቦ 'ቢ'ን መንሸሮ ኣፍ-ክሳድ ማህጸንን ዘብርህ መግለጺ ኣቕሪባ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብምኽንያት'ቲ ቅነ ኣብ ዝተወደበ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወታ ሽልማት ተዓዲሉ።

ቅነ ክታበት ኣፍሪቃ 2026፡ ካብ 24 ክሳብ 30 ሚያዝያ ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ተዘኪሩ።



ስእሊ. ሮቤል መረስዕ

## ተጋዳላይ ተስፋይ ተኽለ ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ - ምኽትል ተለንተ ተስፋይ ተኽለ ሃብተሚካኤል፡ ብ29 ሚያዝያ ኣብ መበል 72 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ሕዳር 1973 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ ወርሒ ሕዳር 1974 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ተስፋይ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ምንቅቓሕ ሰንከላን፡ ከምኡ'ውን ሴታፍ ኢምዳድ ክፍለሰራዊት 61 ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ሰወእ ምኽትል ተለንተ ተስፋይ ተኽለ፡ ብዓል-ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ደቅን'ዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ30 ሚያዝያ ሰዓት 4፡00 ድሕሪቐትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ - ምኽትል ተለንተ ተስፋይ ተኽለ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ዓለማዊ መዓልቲ ትልሂት፡ ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ተዘኪሩ



ስእሊ. ፈያሚት መስፍን

ዓለማዊ መዓልቲ ትልሂት፡ ብ29 ሚያዝያ ብደረጃ ሃገር ንመበል 8ይ ግዜ ኣብ ሲነማ ሮማ ብዝተፈላለየ ስነጥበባዊ መሰናድኦታት ተዘኪሩ።

ኣቦ'ቲ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ዝተረኸቡሉ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ትልሂት ምስ ስውሰቡ፡ ስነኣእምሮ፡ ታሪኹ፡ እምነት፡ ባህላውን ማሕበራውን ክብርታት፡ ከምኡ'ውን መንነት ሕብረተሰብ ጥቡቕ ምትእስሳር ስለዘለዎ፡ እታ ዕላት ዕዙዝ ትርጉም ከምዘለዋ፡ ስነጥበባዊ ካሕሳይ ዝብርሂወት ገሊጹ።

እቲ መደብ፡ ብምኩራት ተላሃይቲ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ሃገራውያን ማሕበራት ጽሙማንን ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላንን ብዝኣለዩ መንእሰያትን ቁልዑን ዝተፈላለየ ትልሂታት ቀሪቡ።

ዓለማዊ መዓልቲ ትልሂት፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 108 ግዜኡ ተዘኪሩ።

# ናቕፋ - ስፖርታውን ባህላውን ቅነ ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ተኻዪዱ




ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ስፖርታውን ባህላውን ቅነ ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ፡ "ዝላቒ ትምህርታዊ ብሉጽነት" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 23 ክሳብ 27 ሚያዝያ ተኻዪዱ።

እቲ ቅነ፡ ስፖርታውን ባህላውን ውድድራት፡ ዑደት ናብ ታሪኻዊ ቦታታት፡ ምርኢት ምህዞን ስነፃን ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ከምኡ'ውን ታሪኽ የማናይ ግንባር ናቕፋ፡ ኣሰራርሓን ኣተሓሕዛን ደፋዓት ናቕፋ፡ ፍሽለት ወራራት ጸላእን መቶብሮ ተጋዳላይን ዝርከቦ መደብ ዋርሳ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ስነምምህርና መማህር ዑመር መሓመድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ቅነ ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ህንጸት ተመሃሮ ዘለዎ ተራ ብቐሊል ዝርአ ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ንዓወት ናይ'ቲ መደብ ንዝጸዓቱ ትካላትን ውልቀሰባትን ኣመስጊኑ።

ዳይረክተር ቤትትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ናቕፋ መማህር ሳልሕ ኢብራሂም ብወገኑ፡ ንጥፈታት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ተወሃቦ ተመሃሮ ንምፍታሽ ሓጊዙ ስለዝኾኑ፡ መማህራን ንደሊትን ተወሃቦን ተመሃሮኦም ከለልዩ ከምኡ'ውን ብታሪኾምን ባህሎምን ዝኾርዑን ዝሕቡን ዜጋታት ንምህናጽ ልዑል ኣተኩሮ ገይሮም ክሰርሑ ተላቢዩ።

ግዝያዊ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ናቕፋ መማህር ጀምዕ በኺት ድማ፡ ንከሉመዲያዊ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ቅነ ብምጥቃስ፡ መማህራን ንዝገበርዎ ኣበርክቶ መጉሱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቦ'ቲ ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ መደባት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዓዕበ - ከሰን ምምሕዳራት ከበቢ ዝተሳተፍኦ ባህላውን ትምህርታውን ቅነ መንእሰያት ምምሕዳራት ከበቢ፡ ካብ 26 ክሳብ 29 ሚያዝያ ተቓኒዑ።

ኣብምምሕዳር ከበቢ ሕርጊጎ ኣብ ዝተኻየደ መዘጋ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ሃገሞተኤ ኣቦ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ዳዊት ተኽለሚ፡ እቲ ቅነ - ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ዑደት ናብ ልምዓታውን ታሪኻውን ቦታታት፡ ሰሚናራት፡ መደባት ምልውዋጥ ተመክሮ፡ ባህላውን ትምህርታውን ውድድራት ዘጠቓለለ ምንባሩ ገሊጹ።

ሓላፊ ክፍሊ ፖለቲካን ውዳበን ሃገሞተኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መንእሰይ ሱሌማን የሱፍ ብወገኑ፡ እቲ መደብ ንባህልን ክብርታትን መሰረት ዝገበረን ንቕሓት መንእሰያት ዘማዕዘነን ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ብመንእሰያት ስለዝተኻየደን ዝተኣልየን ናይ መራሕነት ዓቕሚ ኣብ ምሕያል ዕድል ዝፈጥር መድረኽ ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284


# ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ድሕነት፡ "ጽንዕ ናይ ድሕነት ባህሊ ንምዕባል" ብዝብል ቴማ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራን፡ ብ28 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።

ኣቦ'ቲ ጽንበል፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሓላፊ ጨንፈር ቊጽጽር ስራሕ ኣቶ የሴፍ ተስፋዬ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ መንግስቲ፡ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ኣብ ኣገዳስነት ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ ሓባራዊ መረዳእታ ከምዝጥርዩ ንምግባር ምኳኑ ገሊጹ።

እዚ ንምትግባር፡ ጽንዕ ናይ ድሕነት ባህሊ ምምዕባል ኣገዳሲ ምኳኑ ብምዝኽኻር፡ ሓያል ተወፋይነት ኣካላት ምምሕዳር ትካላት፣ ንጡፍ ተሳትፎ ሰራሕተኛታት፣ ግሉጽ ምብህሃል፣ ከምኡ'ውን ቀጻልን ስሩዕን ስልጠናታትን ትምህርትን ምሃብ ከምዝድሊ ድማ ሓቢሩ።

ንዝኸሰኤ ወከሉ ቃል ዘስመዐ ኣማኻሪ ሕጊ ኣቶ ሃይለ ተስፋሚካኤል ብወገኑ፡ ድሕነቱ ዝተሓለወ ውሑስ ሃዋህው ስራሕ፡ መሰረት ቀጠባዊ ምዕባለ ምኳኑ ብምሕባር፡ ሕቶ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ልዑል ብቑዓት ብዘለዎ መማዘኒታት ምክልኻሉን ምትግባሩን ከምዝከኣል ኣገንዚቡ።

ሃኪሳኤ ኣብ ምቛም ኮሚቴታት ድሕነት ኣብ ትካላት ንዝሓለፈ ተመክሮ ዝጠቐሰ ኣቶ ሃይሉ፡ ምውሓስ ጥዕናኡን ድሕነቱን ዝተሓለወ ቦታ ስራሕ ዋላ'ኳ ብቐዳምነት ንኣሰራሕቲ ዝምልከት እንተመሰለ፡ ወህደት ሰራሕተኛታትን መንግስትን ግድነታዊ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ክኢላ ድሕነትን ጥዕናን ኣቶ ቢንያም ኣሕፈርም፡ ኣብ ትርጉምን ኣገዳስነትን ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣቐዲሙ'ውን ወከልቲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣካየድትን ሰራሕተኛታትን ኩባንያ ህንጻ ብደሆ ዝተረኸብሉ ቅነ ድሕነት፡ ኣብ ቀጽሪ ናይ'ቲ ኩባንያ ምኪያዱ ተፈሊጡ'ሎ።




# ኰርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ካብቲ ደንቂ ኒኮላስ ተስላ 8ይ

## ንህይወትና እንቐስሞ ምህሮ፡



ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ሕታማት ናይዚ ዓምዲ፡ ንተስላ 'ስነ ፍልጠታዊ ፈጣሪ' ዘይስመዮ ዓሰርተ ነጥብታት፡ ምስ ታሪኽ ህይወቱ፡ ንገለ ምህሮኡን ምስ ምህሮኡ ዝተሓሓዝ ኣምራትን ኣልዒልና ነይሩ። ተስላ ገና ዘይተዘመረሉ ብርቂ መሃዝን ስነ ፍልጠተኛን ምዃኑ፡ ብዙሓት ይሰማምዑሉ። ኣብ ናይ ሎሚ ሕታምና ዝጅምር፡ ተኸታታልን ተመሳሳልን ጽሑፍ ከነቕርብ ኢና፣ ሰናይ ንባብ።

ተስላ ዝተሰምያ፡ ዘመናውያን ናይ ኤለክትሪክ ማካይን ዘፍሪ ትካል ከም ዘሎ ሰሚዕኩም ትኾኑ። እዚ ተስላ ዝተሰምየ ብተክኖሎጂ ዝተሰንጠቐ ትካል፡ ንዝኽሪ ዓቢ ስነ ፍልጠተኛን መሃዝን ኒኮላስ ተስላ ዝተሰምየ እዩ። ኒኮላስ ተስላ፡ ንዓለም እዚ ዘይብሃል ፍልጠት ሂቡዋ እንክነሱ፡ ክመውት እንከሎ በይኑ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ናይ ዝነብረላ ዝነበረ ሆቴል እዩ ዓሪፉ፣ ቀያሕ ሳንቲም ዘይብሉ። ሳንቲም ዘይብሉ፡ ኣፍቃሪ ረጋቢት ምዃኑ ይገልጽ ነበረ። "ከምቲ ሓደ ወዲ ንሓንቲ ጓል ገይሩ ዘፍቅራ'የ ርግቢተይ ዘፍቅራ፣ ንሳ'ውን ከምኡ፡" ክብል ኣብ ናይ መወዳእታ ቃለ-መሕትቱ፡ ምስ ርግቢቱ ዝነበሮ ፍቕሪ ገሊጹ። እንተኾነ፡ ታሪኽ ኒኮላስ ተስላ እዚ ጥራይ ኣይኰነን። ሸሕ'ኳ ኣብ ቁራሪ ሃዋህው ህይወቱ እንተ ኣብቀዐ፡ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ፡ ኣዝዩ ምርኡይ ምህዞታት እናበርከተ ዝሕለፎ 86 ዓመታት ኣሎዎ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት'ዚ ዓምዲ ዝተገልጸ፡ ልዕሊ 300 ናይ ምህዞ ዋንነት ዘሎዎ፡ ንብዙሕ ናይ ዘመንና ተክኖሎጂ መሰረት ዝኾነ ብርቂ ምህዞታት እዩ። ኤለክትሪክ ሞተረ፡ ራድዮ፡ ፍሎረሰንት ኣምፑል፡ ለይዘር፡ ሪሞት ኮንትሮልን ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክን ገለ ካብቲ ብቐረባ ክጥቀስ ዝኽእል እዩ።

እዚ ቀዲምና ዝገለጽናዮ ብስም ተስላ ዝልለ ትካል፡ ተስላ ሞተርስ፡ ኣብ ናይ ኢንተርነት ድሕረ-ገጹ፡ "ብዘይ ናይ ተስላ ራኢን ብልሕን፡ እዘን ሕጂ ነፍረየን ዘለና ማካይን ከነፍሪ ኣይምኸኣልናን። ኒኮላስ ተስላ ሕጂ ብህይወት እንተ ዝህሉ፡ ነዘን 100% ብኤለክትሪክ ዝሰርሓ ማካይንና ርእዩ ርእሱ ብእወታ እና'ንቀሳቐሰ ምተረድኣልናን ምባረኸልናን፡" ክብል ንተስላ ክብሪ እናሃበ'ዩ ማካይኑ ዘዋዕውዕ። ናይ ተስላ ብልሒ፡ ምስ ብዙሕ ዘካትት ጊንጥነቱ ይተሓሓዝ እዩ። ጊንጥነት ተስላ፡ መወዳእታኡ ከም ዘይኣጥዓሞ ይግለጽ'ኳ እንተኾነ፡ ነቲ ቀዲሙ ዝተጠቕሰ ምህዞታቱን ርኽበታቱን ግን ወሊዱ እዩ። እዚ 'ዝተገርሐ' ቅሻረቱ፡ ነቶም ኣብዚ ሰዓት እዚ ዘለና ደቂ ሰብ፡ ዕምሪ ምሉእ ዝኸይድ ናይ ፈጠራውነት መንፈስ ከመይ ገይርና ከም እነጥሪ ዝምህር፡ ብዋጋ ዘይዕቀን ትምህርቲ ገዲፉልና እዩ። እዚ ዝስዕብ ኣምራት ወይ ልምድታት ካብ ተስላ እንምሃሮ እዩ፤

### 1. ዘይምፍራሕ

ተስላ፡ ካብ ቍልዕነቱ ኣትሒዙ ካብቲ ንቡርን ቅቡልን ሓሳብ ወጻኢ ሓድሽ ሓሳብ ብምሕሳብ እዩ ዝልለ። ካብቲ ግዜ ኣመና ዝቐደሙ ዝመስሉ ሓደስቲ ሓሳባት ከቕርብ ወይ ክእምም ኣይፈርሕን። ናይ ዘመኑ ሰብ፡ ፈላጣት'ውን እንተኾኑ፡ ንምህዞኡ ክርድኡን ክቕበሉን ቀሩባት ዋላ ኣይሀልዉ ኣይገድሶን። "መጻኢ ባዕሉ ይዛረብ፣ ብስራሕናን ርኽበታትን መጻኢ ባዕሉ ይገምግመና፡" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ ተስላ። "ሕጂ ናቶም እዩ፣ መጻኢ፡ እቲ ኣነ ብልበይ ዝሰራሕኩሉ፡ ግን ናተይ እዩ፡" ይብል ነበረ።

ሓደስቲ ሓሳባት፡ ዝበዝሐ እዋን፡ ኣቕሊሉ ዝቕበሎም ሰብ ውሑድ እዩ። ካብቲ ንቡር ሓሳብ ዝወጽአ ሓሳብ ኣብ ዝመጽኣሉ፡ ነቲ ሓሳብ ክዕንቅፉ፡ ከነኣእሱን ኣንጻሩ ክዓጥቁን ምርኣይ ኣብ ታሪኽ ስነ ፍልጠት ዓለምና ልሙድ እዩ። ናይ ምቅዋም ድንዕታ፡ ንሕና፡ ኣብ ግዛእ ርእስና ክንምልከቶ ንኽእል ኢና። ነቲ ዘፍለቕናዮ ሓድሽ ሓሳብ፡ ናብ ተግባር ክንትግብሮ ኣይኮነን፡ ከም ሓሳብ ከነስተማቕሮን ከነስተንትኖን እኳ ትብዓትን ዓቕልን ንስእነሉ እዋን ውሑድ ኣይኮነን። ኣብ ኣዝዩ ዝሰረተ ኣተሓሳስባ ወይ ምህዞኣዊ ስራሕ፡ ኣንጻሩ ወይ ካብኡ ዝሓይሽ ሓሳብ ወይ ምህዞ ሒዝካ ክትቀርብ እነከለኻ ዝህሉ ብድሆ፡ ካብዚ ዝነቅል እዩ። ናይ ዘመንና ተመራመርቲ፡ ሰብ ዝሰርሖ ኣልማዝ ክፈጥሩ ክኢሎም ኣለዉ። ካብቲ ተፈጥሮኣዊ ኣልማዝ፡ ብኸሚካላውን ፊዚካውን ቅርጹን ትሕዝቶኡን ዘፍልዮ ዋላ ሓንቲ የብሉን። ባህርያዊ ኣይኰነን፣ ኣብ ላባራቶሪ በቲ ተፍጥሮ ዝሰርሖ ኣገባብ ገይሮም ግን ሰሪሖሞ። ብዋጋ ዝሓሰረ፡ ብዓይነት እንተወሓደ ማዕረ'ቲ ተፈጥሮኣዊ፡ ኣብ ሓደ ግዜ ከኣ ብዙሕ ከተፍርየሉ ትኽእል እዩ። እዚ ዜና ምስ ተዘርግሐ፡ ነዚ ዝቃወሙ ሰባት ተቓልቀሉ። በቲ ስነ ፍልጠታዊ መዐቀኒታቱ ኣበር ክረኽብሉ ኣይከኣሉን። ካብ ሃመማ ዓጽሚ ደልዮም ክረኽቡ ምስ ተጸገሙ፡ "እቲ ተፈጥሮኣዊ ኣልማዝ፡ ናይ ዝና እዩ። ኣልማዝ ብላባራቶሪ ምፍራይ ከኣ ንዝና ኣልማዝ ምቕታል እዩ፡" ክብሉ ክማጐቱ ፈቲኖም ኣለዉ።

ዘይፈርሕ ባህሪ ተስላ፡ ንዝሓሸ ኣገባብ ኤለክትሪክሲቲ መሪሑ እዩ። ነቲ ንቡር ተወሲዱ ዝነበረ ናይ ኣሰራሒኡ ቶማስ ኤዲሰን 'ዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ' ተቓዊሙ፡ ንዘይተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ብምፍጣር፡ ንዓለም ዝሓሸ መገዲ ፈጠረላ። እዚ ከኣ ነቲ ክግለጽ ዝቐነየ 'ኲናት ዋሕዚ ኤለክትሪክ' ዝትሰምየ ውድድር፡ ብፍልልይ ሓሳባት ፈጢሩ። ብተመሳሳሊ፤ ብ1890ታት ኤዲሰን፡ ብዛዕባ ካብ ሕመት ወይ ዘይቲ ዝርከብ ናይ ነዳዲ ጸዓት ክሰብኽ እንከሎ፣ ተስላ ግን ንተተካኢ ጸዓት ከም ሃይድሮ-ኤለክትሪክያዊ፡ ጸሓያውን ንፋሳውን ጸዓት እዩ ዝሓስብ ዝነበረ።

ኣብዛ ዓለም ዝተራእየ ዓቢ ርኽበታትን ምህዞታትን ንደቂ ሰብ ክጠቅም ኢሉ ነቒሉ፡ መጥፊኢኡ ዝኾነ ኣይሰኣንን። ኣልበርት ኣይንስታይን፡ ንጸዓት በቲ ህቡብ ርኽበቱ E=mc2 ኣቢሉ ኣቶማዊ ቦምብ ክምሃዝ ኣኺሊሉ። ኒዩክለስያዊ ኣጽዋር'ውን ከምኡ። ሓደ ዓቢ ምህዞ፡ ኣብ ሰብኣውነት ክምእከል የድልዮ። ዝተማህዘ እንተ ተማህዘ፡ ንጸገማት ሕብረተሰብ ንግዜኡን ነባርን ፍታሕ ክገብር ዝኽእል ድርኺት ክህሉዎ የድሊ። ከም ናይ ተስላ ዝተፈልየ፡ እቲ ካልእ ኰርናዕ፡ ናይ ምርኣይን ምሕሳብን ዓቕሚ ዘሎዎ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ኣንጻር ጥቕሚ ደቂ ሰብ ዝኸትት ሓሳብ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ተስላ ከምዚ ዓይነት ሓሳብ እንተ መጽኦ'ውን ይዓግቶ ኣይነበረን። እዚ ከምዚ ዝበለ ሓሳባት፡ 'ኣብ ግብሪ ዘይውዕል ወይ ዓሻኣዊ ሓሳብ እዩ' ኢልካ ምሕሳብ፡ ንፈጠራውነትካን ብልሕኻን ምሕናቕ እዩ። ተስላ ብዙሕ ኣገዳሲ ምህዞታት ከም ዘሎዎ ርኢና ኢና፣ ኣብ ግብሪ ዘይውዓሉን ዘይተዘመረሎምን ምህዞታት'ውን ኣለዉ። እቲ ብ'ቀታሊ ጨረ' ኣብ ዝሓለፉ ሕታትማት'ዚ ዓምዲ ዝተገልጸ ሓሳብ ተስላ ከም ኣብነት ክውሰድ ይከኣል እዩ። ተስላ፡ ምስ ኒውዮርክ ታይምስ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት፡ ብኣየር ኣቢሉ ዝጓዓዝ ናብ ሓደ ቦታ ብጻዕቂ ዝልኣኽ ጨራ ክሰድድ ዝኽእል መሳርሒ ክሰርሕ ባህጊ ከም ዘሎዎ ገሊጹ። እዚ ጨራ፡ ኣብ ከባቢ 375 ኪሎሜትሮ ዘለዋ 10,000 ነፈርቲ ከውድቕ ዝኽእል፡ ሚልዮናት ወተሃደራት ኣብ ሓደ ግዜ ክዓጽድ ዝኽእል እዩ። ተመስገን! ዓለም ስረሪ ኢሉዋ እዚ ናይ ተስላ ሓሳብ ናብቲ ዝሓሰቦ ዕላማ ብዝውዕል መገዲ ኣይተማህዘን። እንተኾነ፡ ብጨራ ወይ ጨረርታ ኣቢሉ ዝዕየ ብርክት ዝበለ ናይ ለይዘር ንጥፈታት ንሰልጣነ ዓለም ጠቒሙ እዩ።

ኵሉ ግዜ ብዝመጽኣና ዝተፈልየ፡ ዘይንቡር፡ ክትግበር ዝከኣል ዘይመስል፡ ሓሳብ "ዘይከውን" እናበልና፡ ወይ'ውን "እዎው እዚ ደኣ..." እናበልና ኣይንዕበጦ። ዋላ ንመማህርትና፡ ወለድና፡ መምህራንናን ኣሰራሕትናን ዝብድህ ይኹን፡ ብምልኣት ክንገልጾ ትብዓት ይሃሉወና። መን ይፈልጥ፡ እታ ኣብ ውሽጥና ዝዓበጥናያ ሓዳስ ርኽበት ወይ ምህዞ፡ ንዘላቒ ፍታሕ ኣፍደገ ትኸፍት ትኸውን። ኵሉ ግዜ ንሓድሽ ሓሳብ፡ ኣገባብን መረዳእታን ዝቕበል ክፉት ኣእምሮ ኣብ ዙርያና ከም ዘሎ ኣይንዘንግዕ።

### ንግንዛበ


## ኣተኵሮ

ኣተኵሮ ኣእምሮኻ ክትቈጻጸርን ከተማእዝንን ዝኽእል ኣገባብ ዝውክል መስርሕ እዩ። ኣብ ከባቢና ካብ ዘሎ እልቢ ዘይብሉ ሓበሬታ፡ ገለ ድሩት ወይ ውሱን ክፋሉ፡ እቲ ንኣና የገድስና እዩ ዝበልናዮ፡ ክንመምን ከነመስርሕን ከለና፡ ኣተኵሮ ገይርና ኣለና ክበሃል ይከኣል።

ኣተኵሮ ብብዙሕ ነገራት ክጽሎ ይኽእል እዩ። ስለዝኾነ እዩ ድማ እቲ ኣዝዩ ተኣፋፊ ክፋል ግንዛበ ተባሂሉ ዝጽዋዕ።

ገለ ካብቲ ንኣተኵሮና ዝጸሉ ረቛሒታት ንምጥቃስ ድማ፥

- ዘለናዮ ኵነታት ማለት ተጨኒቕና ዲና ዘለና፧
- እቲ ነገር ማዕረ ክንደይ እዩ ዘገድሰና፧
- ክብደት ናይቲ ነገር ማዕረ ክንደይ እዩ፧ ከቢድ'ዩ ኢልና ዲና ንሓስብ ወይስ ቀሊል እዩ፧
- ደረጃ ብቕዓትና ኣብ ምዕማሙ ከመይ ንግምግሞ፧ ንኽእሎ ዲና፧ ብቑዓት ኢና ኢልናዶ ንሓስብ፧
- ዝኾነ ናይ ኣተኵሮ ጸገም ከስዕብ ዝኽእል ዓይነት ሕማም ኣሎና ድዩ፧ ወዘተ።



እቲ ዝምስራሕ ሓበሬታ ድማ ኣብ ናይ ሰምዒት ህዋሳትና፡ ናይ ሕሉፍ ዝተኸዘኑ ዝኽርታትናን ገለ ናይ ኣኣምሮ መስርሓትን ዝተመርኰሰ እዩ።

ብተወሳኺ ኣተኵሮ ዝነቕሐን ዘይነቕሐን ክፋል ኣእምሮ የጠቓልል። እቲ ዝነቕሐ ክፋሉ ዝያዳ ተዘካሪ እዩ።

ኣተኵሮ ንብርክት ዝበለ ነገራት ንምስልሳል ዝጠቕመና እኳ እንተኾነ፡ ምልክታት ንኽነለልን ንናይ ምስትውዓል ክእለትናን ግን ወሳኒ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ንምድላይ ዝጠፍአ ንብረት፡ ኣድህቦና ንኽይመቓቐል ወይ መሪጽና ንኽነድህብ'ውን ሓጋዚ እዩ።

ስለዚ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ይኹን ካልእ እንዓሞ ንጥፈታት ዝያዳ ነቒሕናን ንኣና ኣገዳሲ እዩ ኢልና ኣሚንና ምስ ንዓሞም፡ ውጽኢቱ ከመይ ከም ዝኸውን ንምግማቱ ኣየጸግምን።

ኣሚራ ሰናይ

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ካብ ህይወቱ ሓንቲ ሰዓት ብኸንቱ ከባኽን ዝፈቅድ ሰብ፡ ትርጉም ህይወት ኣይተረድኦን ኣሎ ማለት'ዩ።"

- Charles Darwin

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍ ረ ጻ ዕ ሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ኣልፋ-ኣልፋ

## ብሉጽ ሓምላይ መግቢ እንስሳ

ጥዕናን ንምውሓስ፡ መኣዛውን ውሑስን ዓይነታት መግቢ ክም ዘድሊ፡ ጥዕና እንስሳታትና ንምሕላው ድማ እተመርጸ መኣዛዊ መግቢ የድሊ፣ መሬትን እንስሳታትን ከኣ ብመጠን ዝሃብናዮም እዮም ዝህቡና'ዮ፡ ንሎሚ ብዛዕባ ሓደ ብሉጽ መግቢ እንስሳ (ኣልፋ ኣልፋ) እተዳለወ ትሕዝቶ እሆ፣ ሰናይ ንባብ።

ተኽሊ ኣልፋ-ኣልፋ፡ ሓደ ካብ ብሉጻት ሓምላይ ቀለብ እንስሳታት እዩ። እዚ ተኽሊ'ዚ ብመሰረት ዘሎዎ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶን ኣበርክቶን ኣብ ምህርቲ ጸባ "ንጉስ ሓምላይ መግብታት" እናተባህለ ይጽዋዕ። ሓረስቶት ብዝግባእ ዘሪኦም እንተተኸናኺኖሞ፡ ምህርቲ ጸባ ዘሰስንን ንናይ ስጋ ከብቲ ዘሰብሕን እዩ። ብዛዕባ ኣልፋ ኣልፋ፡ ሓረስቶት ክፈልጥዎም ካብ ዝግባእ መሰረታውያን ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ ነቕርበልኩም።

### ቀንዲ ጠባያት ኣልፋ-ኣልፋ

እዚ ብዙሓት ሓረስቶት ሃገርና፡ ብልምዲ 'ኤርባ' ኢሎም ዝጽውዕዎ ተኽሊ፡ ብመስኖ ምስ ዝለምዕ ብርኩትን ነዊሕ ዕድመ ዘሎዎን ምዃኑ ተረጋጊጹ'ዩ፣ ብቐጻሊ እናዓጸድካ ንመግቢ ክትጥቀመሉን ኣንቂጽካ ክትክዝኖን ድማ ይከኣል። ካልእ ብልጫ ናይ ኣልፋ-ኣልፋ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታትን ኩነታት ኣየርን ክዝራእ ዝኽእል ምዃኑ ምዃኑ እዩ።

### ምጽዋር ድርቂ

ኣልፋ-ኣልፋ፡ ነዋሒ ሰራውር ስለዘለዎ፡ ዝያዳ ካልኦት ዓሌታት ሓምላይ መግቢ፡ ድርቂ ክጻወር ይኽእል። ኣብ እዋን ብርቱዕ ድርቂ ግን ኣቍጽልቲ የርግፍ።

### ንዕዉት ኣሰራርሓ ኣልፋ-ኣልፋ ዝድርኹ መምርሒታት

ኣልፋ-ኣልፋ ብጽቡቕ ክጉላዕልዕ እንተኾይኑ፡ ፈለማ ግቡእ ምድላው መሬት ክግበር የድሊ። ብግቡእ ተሓሪሱ ዝተመድመደ መሬት፡ ጽቡቕ ምህርቲ ይህብ። ቀድሚ ኣልፋ-ኣልፋ ምዝራእ ግን ጻህያይ ምቁጽጻር የድሊ። ኣብ ጥሉል መሬት ምዝራእ፣ ብሰሩዕ ማይ ምስታይ፣ ድሕሪ ምዕንባቡ ኸኣ ክይበዝሐን ከይወሓደን ብስሩዕ ማእከላይ ዓቐን ማይ ምሃብ የድሊ። ከምዚ ምስ እንገብር፡ ኣዝዩ ዘዐግብ ምህርቲ ኣልፋ-ኣልፋ ክንሓፍስ ንኽእል።

ቅድሚ ምዝራእ ኣልፋ-ኣልፋ፡ ነቲ እተዳለወ መሬት እኹል ማይ መስኖ ምሃብ የድሊ። ምኽንያቱ፡ ቀዲሙ ዝወሃብ እኹል ማይ፡ ሰራውር ኣልፋ-ኣልፋ ብግቡእ ክምዕብል ስለ ዝሕግዞ። እዚ ተኽሊ፡ ኣብ ዝኾነ ወቕቲ ክዝራእ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ኤርትራ ካብ መስከረም ክሳዕ ጥቕምቲ ኣብ ዘሎ ግዜ ምዝራእ ይምረጽ። ኣብ ሄክታር 10-15 ኪ.ግ ዘርኢ የድሊ፣ ንዘርኢ ተባዚሑ ዝዝራእ እንተኾይኑ ግን 6-8 ኪ.ግ ዘርኢ የድሊ፣ ብመስመር ዝተዘርኣን ኣብ መንን ተኽሊ ርሕቀት ዘሎዎን ምስ ዝኸውን ዝለዓለ ምህርቲ ይህብ። ኣልፋ-ኣልፋ ኣጨቓጪቕካ ክዝራእ የብሉን፣ ሓንሳብ ምስ ተዘርአ ወይ ምስ ተተኽለ ክሳዕ 7 ግዜ እናተዓጽደ ዝድለ ምህርቲ ክህብ ይኽእል።

### ዓይነት ሓመድ

ንዕብየት ኣልፋ-ኣልፋ፡ ሃብታምን ብቐሊሉ ዝተርክስን ፈኲስ ሓመድ (ዱኻ) የድልዮ። ጽቡቕ ውጽኢት ንኽህብ፡ ልዑል ምረተ-ምጸት (pH) ሓመድ ማለት ካብ 6.0 ክሳብ 6.5 ይምረጽ።

### ምድላው መሬትን ጠለብ ድኹዕን

ብግቡእ ዝተሓረሰን ዝተመድመደን ጥጡሕ ባይታ፡ ብቑዕ ውጽኢት ይህብ።

ባህርያዊ ድኹዒ ምሃብ ድማ ኣዝዩ ጽቡቕ'ዩ። ኣብ ድኻን ሑጻን ዓይነት ሓመድ ዝበቖለ ብቐሊሉ፡ ብዋሕዲ ማይ ከይጥቃዕ ዕቱብ ምክትታል የድሊ።

### ወቕቲ ዘርእን መጠኑን

ኣብ ኤርትራ፡ ኣልፋ-ኣልፋ ምሉእ ዓመት ክዝራእ ይኽእል። ብዝያዳ ግን፡ ካብ መስከረም ክሳዕ ሕዳር ምዝራእ፡ ዝሓሸ ውጽኢት ይርከቦ። ዕብየት ዘርኢ ኣልፋ-ኣልፋ (ተዘሪኡ ክሳዕ ዝዕጸድ) ካብ 90-120 መዓልታት ወይ ካብ 3-4 ኣዋርሕ ይወስድ። ዝርኢ ዝኸውን ኣልፋ-ኣልፋ፡ ካብ መስከረም ክሳዕ ጥቕምቲ ይዝራእ። ምህርቲ ድማ ካብ መጋቢት-ሚያዝያ ይእከብ።

### ኣገባብ ምእካብ ዘርኢ ኣልፋ-ኣልፋ

ድልዱል ተኽሊ፡ ብርኩት ዘርኢ ይህብ። ካብ ዝደልደለን ብግቡእ ዝዓንበበን ኣልፋ-ኣልፋ ዝርከብ ምህርቲ ዝበለጸ እዩ። ክፍለጥ ዘሎዎ ግን፡ ጻህያይ ንምቁጽጻር እንተዘይኪኢልካ፡ ኣብ ዘይመዓልቱ ክዕጸድ የብሉን። ኣብ ዋቓ ግራት ኣልፋ-ኣልፋ፡ ቆፎታት ኣናህብ ምቕማጥ፡ ጾግያት ክተባብዕን ልዑል ምህርቲ ዘርኢ ክርከብን ይሕግዝ። ሕብሪ ለቓታ ዘርኢ ኣልፋ-ኣልፋ፡ 65-75% ናብ ደባን ቡናዊ ክቕየር እንከሎ፡ እቲ ግቡእ ወቕቲ ዓጺድ ምዃኑ ስለ ዘሕብር፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ምዕጻድ፡ ካብ ምንጣር የድሕና። ዝርኢ ዝወፅእ ምህርቲ ኣልፋ-ኣልፋ፡ ብስለስተ ኣገባባት ማለት፡ ብምሽምጣጥን ኣንቂጽካ ብምድርቕዳቕን ተዓጺዱ ተሰጢሑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣኺድካ ብምእካብ ክሕፈስ ይከኣል። ኣብ ዝተዓጽደ ግራት ዝተርፍ ቀጽሊ ኣልፋ-ኣልፋ፡ ብምዕጻድ ወይ ብምቕራም ክእለ ኣለዎ። ብሓፈሻ ድማ ብማይ መስኖ ዝፈረየ ምህርቲ ኣልፋ-ኣልፋ፡ ካብ 2.5 ክሳዕ 6 ኩንታል ኣብ ሄክታር ይሕፈስ። ኣብ ሃገርና፡ ካብ 3 ክሳዕ 4 ግዜ ምህርቲ ኣልፋ-ኣልፋ ኣብ ዓመት ይርከብ። ኣብ እዋን ክረምቲ ኸኣ ንቐጠልያ መግቢ እንስሳታት ክውዕል ይዕጸድ።

### መጠን ዘርኢ

ንመግቢ ዝኸውን ኣልፋ-ኣልፋ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ኣብ ሄክታር ካብ 10 ክሳዕ 15 ኪሎ ግራም ይዝራእ። ኣብ ሰበሕን ዝተደኾዐን መሬት፡ ወይ ዘርኢ ናይ ምብቃል ዓቕሙ ትሑት ኣብ ዝኾነ መሬት ግን መጠን ዘርኢ ካብ'ዚ ዝተጠቕሰ ኣዝዩ ክበዝሕ ኣሎዎ። ንዘርኢ ዝውዕል መጠን ኣልፋ-ኣልፋ፡ ዓቐኑ ኣብ ሄክታር ካብ 6 ክሳዕ 8 ኪ.ግ ኩይኑ፡ ገፊሕ ጋግ (ናይ 20 ሰ.ሚ. ምፍንታት) ኣብ ሞንን ኣትክልቲ የድሊ።

### ሜላ ኣዘራርኣ ኣልፋ-ኣልፋ

ኣገባብ ኣዘራርኣ ኣልፋ-ኣልፋ፡ ብሻሕ ወይ ከኣ ዓይነት መስኖ ኣብ ግምት ብምእታው ብመስመር ዝዝራእ ኩይኑ፡ ኣብ ሞንን መስመር ካብ 25 ክሳዕ 50 ሰንቲ ሜትር ኣረሓሒቕካ ይዝራእ።

### ሕማማት

ኣልፋ-ኣልፋ፡ ካብ እዋን ብቑሊ ክሳብ ፍረ፡ ብእተፈላለዩ ናይ ቀጽልን ሰራውርን ሕማማት ክጥቃዕ ይኽእል'ዩ። ነዚ ንምውጋድ ወይ ንምንካይ፡ ፍርያምነት መሬት ምዕቃብ፡ ልክዕዊ ወቕቲ ዓጺድ ምዝውታር፡ ምቁጽጻር ጻህያይ፡ እኹል ማይ ምስታይን ምቅያር ዘራእትን ምግባር፣ ጸረ-ባልዕ ድማ ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ምጥቃም።

ምንጪ ጽሑፍ፦ "Practices of the most promising Forage species for Small-scale Farmers in Eritrea."



## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

# ካውሎ ምስ እንቋቑሖ

ብኣስመረት ዳምር

ዝሽበርኩም ኣንበብቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም፡ እዚ ኣገባብ ምድላው መግቢ፡ ገለ ጌጋታት ስለ ዝነበረ፡ ምስናይ ይቕሬታኡ ደጊምና ነቕርቦ ኣለና።

### ዘድልዩ ጥረ ነገራትን ዓቐንን

- 1 ኪሎ ካውሎ ብደቂቕ ዝተመትረ
- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘሎዎ ካሮት ብደቂቕ ዝተመትረ
- 1 ዒ ሽጉርቲ ብደቂቕ ዝተመትረ
- 4 ኮመደረ ብደቂቕ ዝተመትረ
- 2 ጉዕ በርበረ (1 ቀይሕ፡ 1 ቀጠልያ) ብደቂቕ ዝተመትረ (ከም ኣድላይነቱ)
- 3 ማንካ ጣውላ ዘይቲ ብልዒ
- 6 እንቋቑሖ
- 1 ጉደሎ ማንካ ጣውላ (3 ፍረ) ሽጉርቲ ጻዕዳ

### ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

ነቲ ዘዳለናዮ ካውሎ፡ ሽጉርቲ፡ ካሮት፡ ዘይቲ፡ ሽጉርቲ ጻዕዳ፡ ሓዋዊስና ንሰኽትቶ። ቁሩብ ርሁጽ ምስ በለ፡ ኮመደረን ጉዕን ነእትወሉ። ኣብ ኣጋ ምብሳሉ፡ እንቋቑሖ ወቒዕና ነእትወሉ፡ ልክዕ ከም ፍሪታታ፡ ኩሉ ምስ ተሓዋወሰ፡ ጨው ኣእቲና፡ ኣወሃሂድና ነውርዶ። ኣብ ብያተ ገልቢጥና፡ ልክዕ ከም ፍሪታታ ብቕጫ ወይ ባኒ ኣሰኒና ንምገቦ። እዚ መግቢ፡ ከም ቁርሲ ንሸዱሽተ (6) ሰባት ክምገበልና ይኽእል።



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

# “ስራሕ፡ ዝገሃድ ፍቕሪ’ዩ!”

ግርማይ ኣብርሃም (ሃኮስኤ)

ኣብ ጥንታዊት ግሪኽ ስራሕ ንጊላታት ዝተሓዝአ ኸም ዝነበረ ይዝንቶ። ኣብ ዕዮ ተጸሚዱ ላዕልን ታሕትን ዝብል ሰብ እንተ ነይሩ፡ እቲ ጊላ ጥራይ ነበረ። ስራሕ ናይ ሽዑ መኳንንቲ ኸኣ ዝተቐርበልካ ምብላዕን ምስታይን፡ መምርሒ ምውጻእን ጥራይ ብምንባሩ ኸኣ ንስራሕ ከም ጽያፍ ይቖጽርዎ ነበሩ።

በንጻሩ እቶም ኣብ ባህሎም ጽኑዕ እምነትን ተገዛእነትን ዘለዎም ጃፓናውያን ኣበርቲዖም ዝሰርሑ፡ ድስፕሊን ዘለዎም፡ ወለኽ ዘለኽ ዘይብሉ፡ ውፉያት፡ ቅኑዓት፡ ምእዙዛትን ሓቢርካ ናይ ምስራሕ መንፈስ ዘለዎምን ብምዃኖም፡ ካብቶም ሓደ ሓደ እዋን፡ ብስራሕ ንነብሶም ዝሃስዩ ሕብረተሰባት ኮይኖም ትረኽቦም። እቲ ዝተሓተ ስራሕ ዝሰርሕ ጃፓናዊ፡ ሰሙናዊ 60 ሰዓታት ከም ዝዓዪ’ዩ ዝፍለጥ። ነዊሕን ኣድካምን ስራሕ ሰዓታት፡ ጠንቂ ሞት ብዙሓት ጃፓናውያን’ዩ። ምስቲ ብገዛእ ፍቓዶም፡ ነፍሶም ንኽቐጽዑ ወሲኖም ዝኣትውዎ ነፍሰ-ቕትለት (ሃራኪሪ) ኸኣ ይዳረግ።

“ንስራሕ ብኸመይ ኢና እንርእዮ፧” መሰረታዊ ሕቶ ምዃኑ፡ ኣብቲ ምስ ሰራሕና እነምጽኦ ውጽኢት ዝገሃድን ዝምለስን’ዩ። ከም ወዮ “ንኽትሰርሕ ዲኻ እትነብር ወይስ ንኽትነብር ኢኻ እትሰርሕ፧” ዝብል ፍልስፍናዊ ምጉት ዘሎ፡ መልስና ጥራይ ዘይኰነስ ናብራና ብመንጽር ኣብ ዕዮ ዘሎና ኣበርክቶ እንታይ’ዩ ዝመስል፧ ነቲ እንዓዮ ዕዮ፡ ክሳዕ ክንደይ ውነና ነጥፍኣሉ፧ ክሳዕ ክንደይ ካብ ምንጪ ገዛእርእስና ኸም ዝወጽኦ ቓልቓል ብዘብል ስምዒት ወይ መንፈስ ንነብረሉ፧ ምሕሳብ ዘድልዮ’ዩ።



ንሓደ ኣብ ኣፋፌት ቤት ጽሕፈት ናሳ ኾይኑ፡ ብዓቢ ውሽጣዊ ድርኺት ምድሪ ቤት ዘውልውል ዝነበረ ጉበዝ፡ ናይ ሽዑ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ጆን ኤፍ ከነዲ ቀርብ ኢሉ፡ ከምዚ ኢሉ ሓቲትዎ ይብሃል፣ “እንታይ ደኣ ትገብር ኣሎኻ፧” እቲ ናይ ጽሬት ሰራሕተኛ፡ ንኽምልስ ኣይደንጎየን። ናይ ምውልዋል ስራሑ ብምምንጓው፡ “ወዲ ሰብ፡ ናብ ጠፈር ንኽኸይድ እሕግዝ ኣሎኹ፡” ብምባል’ዩ ብሾርዓት መሊሱሉ። እዚ ዘረባ’ዚ፡ ኣብ ስራሑ ንዝነበሮ ደረጃ ዕምቈት መረዳእታ ዝገልጽ’ዩ። እንተ ሓሲብናዮ’ኸ!

ንመንደቕ መንደቕ ዝገብሮ እንታይ ድዩ፧ ኣብ ሓደ መንደቕ፡ እታ እምኒዶ ትዓቢ እታ ኾረት፧ እታ ኾረትዶ ትዓቢ እታ ጸጸር፧ እታ ጸጸርዶ ትዓቢ፡ እታ ጭቃ ወይ ቸመንቶ፧ እታ ቸመንቶዶ ትዓቢ፡ እቲ መብዓጢ ማይ፧ ኣየናይ ይዓቢ ብዘይ የገድስ፡ ነታ መንደቕ መንደቕ ዝገብራ ውህደት ናይ ኵሉ ኣብቲ መንደቕ ተኻቲቱ ዘሎ ጥረነገራት’ዩ። እሞ ናትና ግደ ኣብቲ መንደቕ፡ ናይ ደንጎላ ድዩ፡ ናይ እምኒ፡ ናይ ኮረት ድዩ ናይ ጸጸር፧ ናይ ምንታይ’ዩ፧



ርድኢት ናይቲ ምድሪ ቤት - ቤት-ጽሕፈት ናሳ ዘጽሪ ዝነበረ ጉበዝ ድንቂ’ዩ። ጸጸር ድዩ ደንጎላ ብዘይ የገድስ፡ ካብቶም ንናሳ፡ ናሳ ዝገበሩ ሓደ ምዃኑ ንነብሱ ኣእሚንዎ’ዩ። ኣብ ስራሕኩ፡ ፍሩይን ደቂቕን ዝብሃል ኣሎ ድዩ፧ ኮረት፡ ንመንደቕ ትድግፎ’ያ። ወረ ኣብ ገሊኡስ ተጽንዮ! በታ ዓቕሙ መርፍእ ዘልዕል ዘበለ ኣበርካቲ’ዩ። ዘይምብርካት፡ ደቂስካ ምውዓል’ዩ፣ ዓራቱ ዝማምቑ፡ ጸሓይ ብራቕ ክንዮ በረኽቲ ተረትር ሃሳስ ጨራታታ እናሰደደት ከይተመልከታ መዓልቱ ዝጅምር ሰብ መረዳእታኡ ኣብ ስራሕን ኣበርክቶን ኣብ ምልክት ሕቶ ይኣቱ። ኣብ ቅድሚ ስራሕ ደቂቑ ይርከብ። እወ! ካብ ጸጸር ይደቅቕ።

እቲ ሕቶስ ኣብቲ እትዓይዮ ዕዮ፡ ክሳዕ ክንደይ ውሑጥ ኢኻ’ዩ። ነዳቓዳይ ዲኻ፧ ነቲ ኣእማን ተዛርቦዶ፧ ተፍቅሮዶ፧ ክትጽርቦ ኸሎኻ፡ ምስትኽኻል ጸጉሪ ርእስካ ኹይኑዶ ይስምዓካ፧ ነቲ ባዕጢ ከም እትልንቅጥ ሰበይቲ ብፍቕሪዶ ትሓስዮ፧ ኢንጂነር ዲኻ፧ እቲ እትሰርሖ ጽርግያ፡ ንእድኻ ኹይኑዶ ይስምዓካ፧ ቀጥራን ዝለበጥካዮ ጽርግያ፡ ማይ ኣዕቍሩ ኽጸንሓካ ኸሎ ከመይ ይስምዓካ፧ ትቕንዞዶ፧ እወ፡ ሓረስታይ ዲኻ፧ ዕርፍኻ ኣጽኒዕካ ኽትሕዝ፡ መሬት ኽትትልምን ክትሓርስን ከሎኻ ጻዕሪ ኹይኑ ድዩ ዝስምዓካ ወይስ ባህታ፧ ውህደትካ፡ ምስ መሬትን ዝናብን፡ ምስቲ እትዝርኦ እኽልን፣ ብሓፈሻ ኸኣ ምስ ተፈጥሮ፡ ትሓስበሉዶ፧ እቲ ናይ ብሓቂ ሓኪም፡ ሕሙማት ክኣሊ ውዒሉ ኽነሱ፡ ዝሓከመ ኹይኑ ኣይስምዖን’ዩ ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። ሕሙማቱ ኣይቈጽሮምን፣ ኣብ ስራሑ ኣይጸባጸብን፣ ንገጽ ርእ ኣይሰርሕን። ሓኪም ካብ መምህር እንታይ ይፈልዮ፧ መምህር ካብ ናይ ጉልበት ሰራሕተኛ እንታይ ይፈልዮ፧ ኵሉ ኣብ ዓዓለሙ ሰጢሙ ስራሑ ዘካውን ሰራሕተኛ’ዩ። እወ፡ ገሊኡ ጸጸር፡ ገሊኡ እምኒ፡ ገሊኡ ሑጻ ይኸውን፡ ገሊኡ . . .። ነታ ቤተይ ዝብላ ናይ ሓባር ዓለሙ ኸኣ ይሃንጻ፣ ሓበን ይስምዖ፣ ናይ ዋንነት መንፈስ ይወርሮ።

ኣብታ ‘እቲ ነቢይ’ (The Prophet) ዘርእስታ መጽሓፍ ሊባኖሳዊ ጂብራን ኻሊል ጂብራን፡ ሓደ ሓረስታይ ንሙስጣፋ፡ ነቲ ነቢይ፡ “ብዛዕባ ስራሕ ገለ በለና፧” ብምባል ሕቶ የቕርበሉ’ዩ። ኣል ሙስጣፋ ከኣ ኸምዚ ብምባል መሊሱሉ፤

“ስራሕ ምስ ህርመትን መንፈስን እዛ ምድሪ ዘሳንየካ ተግባር’ዩ። ዓዲ ውዒል ምዃን ንወቕትታት እዛ ምድሪ ጋሻ ምዃን’ዩ። ዓዲ ውዒል ምዃን ካብ መሳርዕ ህይወት ምውጻእ ማለት’ዩ።

“ክትሰርሕ ከሎኻ፡ ንሕሹኽታ ንፋሳት ምድሪ ናብ ሙዚቃ ዝቕይር ዕንዱር ኢኻ እትኸውን። ኵሉ ሓቢሩ እናዘመረ ተዓዚሙ ኽተርፍ ዝብህግ ሰብ መን ኣሎ፧

“ስራሕ ምስ መርገምን ቅርሰስናን ዘተኣሳስር ዘረባ ሰሚዕካ ኣሎኻ።

“ኣነ ግና እብለካ ኣሎኹ፡ ክትሰርሕ ከሎኻ ነቲ ምድሪ ኽትበጽሖ እትደልዩ ካብ ቅድሚ ነዊሕ እዋናት ንኽትፍጽሞ ዝተዋህበካ ዕዮ ገዛ ተተግብር ኣሎኻ እየ ዝብለካ። ገዛእርእስኻ ምስ ዕዮ ኽትኣስራ ከሎኻ ኸኣ ምስ ፍቕሪ ሓቂ ኢኻ እትጻመድ ዘሎኻ።

“እናዓየኻ እተፍስሶ ርሃጽ ነቲ ንስራሕ ምስ ጻዕርን መርገምን ዘተኣሳስር ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ዝሰረጸካ ሓሳባት ሕጽብ ኣቢሉ ክኣልየልካ’ዩ።

“ስራሕ ዝገሃድ ፍቕሪ’ዩ። ቀጨውጨው እናበልካ ትሰርሕ እንተ ኼንካ፡ ስራሕካ ኣቋሪጽካ ናብ ኣፍደገ ኣብያተ መቕደስ’ሞ ኺድ፡ ትኳቦ እቶም ባህ እናበሎም ዝሰርሑ ሰባት ተጸበ። ቀጨውጨው እናበልካ እተብስላ ሕብስቲ፡ ክትበልዓ ኸሎኻ ዘይምቅርትን ፍርቂ ኽብዲ እተጽግብን’ያ እትኸውን።

“ስራሕ፡ ፈለማ ንደቂ ሰብ ንሓድሕዶም ይጠምሮም፣ ጸኒሑ ከኣ ምስቲ መለኮታዊ ዓለም የተኣሳስሮም።”

***

መጠን ዕምቈት ስራሕ፡ መጠን መንፈሳዊ ዕብየት ደቂ ሰብ’ዩ ዝገልጽ። ሓንቲ ኣብ ሰፈራ ዘጽለለት ዑፍ፡ ብኽልተ ምኽንያት፡ ብግስ ኢላ ናብ ሰማያት ትበርር። ወይ ተፈጥሮኣዊ ጻውዒታ ንምምላስ (ምናልባት እንጌራኣ ንምምእራር) ወይ ከኣ ካብ ወንጭፍ ካብ ዝተላእከትላ እምኒ ኽትድሕን። እሞ፡ እቲ ብድድ ኣቢሉ ዘበግሰካ ድርኺት፡ ውሽጣዊ ድዩ ደጋዊ፧ ኣብቲ ብውሽጣዊ ድርኺት እትዓዮ ዕዮኸ ኽሳዕ ክንደይ እኑን ኢኻ፧

እታ ተኣኒና፡ ኣዒንታ ኣትኩራ፡ መርፍእን ፈትልን እናላገበት ዓለባኣ እትኣልም ሰበይቲ፡ ብዓሚቝ ባህጊ ስለ እትሰርሕ፡ ሰፍየታ ይጽብቖላ፣ ዕዳጋኣ ኸኣ ይዕምረላ። እተን ተኣኒነን ጉደናታት ዘጽርያ ኣደታት፡ ከተማኣን መንፈስ ተቐማጦኣ እተሐድስ ኲይና ኸም እትውዕል ይገብራ፣ እቲ ተኣኒኑ ዝጽሕፍ ደራሲ ወይ ጋዜጠኛ፡ ዝኸትቦ ቓላት፡ መንፈስ ኣንበብቱ ዘነቓቕሕ ይኸውን፣ እቲ ተኣኒኑ ቤቱ ዝነድቕ ነዳቓይ፡ ዓይኒ ዓዲ ዘወድቃ መንበሪት ገዛኡ ይሃንጽ፣ እቲ ተኣኒኑ ዝሰርሕ ብዓል ሞያ፡ ንሃገሩ ዘጸውዕ ፍርያት የበርክት። እቲ ምስጢር ነቲ እትገብሮ ኽተፍቅሮ ምኽኣል’ዩ። እትገብሮ ዘበለ እንተ ኣፍቂርካዮ፡ ይኹነልካን ይኽሰተልካን’ዩ። ምኽንያቱ፡ ብፍቕሪ ዘይክኣልን ዘይጽብቕን ነገር የሎን። ኣብታ ዘለናያ፡ በታ ዘላትና ምዕያይ ብኽቱር ባህጊ ምዕያይ!

# ሸዱሽተ ኻብ ንስሪ እንምሃሮ መትከላት መሪሕነት

**1.** ንስሪ፡ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ብራኽ ንበይኑ ዝበርር ዑፍ’ዩ። ምስ ጨራሩ ገበላ፡ ኳኻትን ካልኦት ናእሽቱ ኣዕዋፍን ኣይበርርን’ዩ። መራሒ፡ ናብ ታሕቲ ምስ ዘውርድዎ፡ ኣርሒቑም ካብ ዘይሓስቡ ሰባት ክርሕቕ ይግባእ። ንስሪ፡ ምስ ንስሪ’ዩ ዝበርር። መካይድትኻ ፍለጥ።

**2.** ንስሪ፡ ንጹር ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ኣለዎ። ክሳዕ ሓሙሽተ ኪሎሜትር ርሒቑ ንዘሎ ነገር ብንጹር ኣድህቦ ኽርኢ ይኽእል። ኣብ ቅድሚኡ ዝግተር ዕንቅፋት ብዘይ የገድስ፡ ኣድህቦኡ፡ ካብቲ ኽምንዝዖ ዝደሊ ግዳይ ኣይኣልዮን’ዩ። ስለዚ፡ ከም መራሒ፡ ራእይ ክህልወካ፡ ዝጓፍን ዕንቅፋ ብዘይ የገድስ ኣብ ዕላማኻ እንተ ኣድሂብካ፡ ክትዕወት ኢኻ።

**3.** ንስሪ፡ ዝሞተ ነገር ኣይበልዕን’ዩ፣ ሓድሽ ግዳይ’ዩ ኽበልዕ ዝደሊ። ከም መራሒ፡ ኣብ ሕሉፍ ዓወትካ ኣይትመርኰስ። ሓድሽ ወሰን ወይ ጠረፍ ንምጭባጥ ምትኳርካ ኣይተቋርጽ። ሕሉፍካ፡ ኣብቲ ዘንበርካዮ ግደፎ፣ ሕሉፍ’ዩ።

**4.** ንስሪ፡ ማዕበል ይፈቱ። ደበናታት ክእከብ ከሎ፡ ንስሪ ኣመና’ዩ ዝፍሳህ። ልዕሊ’ቲ ማዕበል ወይ ደበና በሪኹ ኽወጽእ ስለ ዝደሊ፡ ንስሪ ማዕበል ይፈቱ። እዚ፡ ኣብ በሪኽ ሰማያት ክንሳፈፍን ኣኽናፉ ኸዕርፎን የኽእሎ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኹነት፡ ካልኦት ኣዕዋፍ ኣብ ጨናፍርን ኣቝጽልትን ኣግራብ’ዮም ዝዕቈቡ። ብድሆታት ክጐንፈካ ኸሎ፡ ግጠሞ። መሊሱ ኽሐይለካን ካብ ዝነበርካዮ ዝሓሸካ ሰብ ክገብረካን ይኽእል። ማዕበል ህይወት ኣብ ዘጓንፈና እዋን’ምበኣር፡ ናብ ዝለዓለ ብራኽ ኽንድይብ የኽእለና። ዕዉታት መራሕቲ፡ ብድሆታት ኣየስግኦምን’ዩ። ኣብ ትሕቲ ቑጽጽሮም ብምእታው፡ ብዘርብሕ መገዲ ኣብ ጥቕሚ ኸውዕልዎ’ዮም ዝህቅኑ።

**5.** ንስሪ፡ ንልምምድ ይዳሎ። ኣብ ሰፈሩ ንዝርከብ ክንቲትን ሳዕሪ ማዕርን ብምእላይ፡ ናእሽቱ ንስሪ ምሾት ከም ዝስእኑ ይገብር’ሞ፡ ካብኡ ወጺኦም ንኽበሩ የገድዶም። ብኸምዚ ኸኣ ምብራር ይመሃሩ። ካብ ዝመሸኣካ ነገር ርሓቕ፣ ኣብኡ ኾፍ ኢልካ ኽመጽእ ዝኽእል ለውጢ የለን።

**6.** ንስሪ፡ ዕድመ እናደፍአ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፡ ክንቲቱ ብኸምቲ ዝደልዮ ፍጥነት ኩብርሮን ከበርኾን ኣይክእልን’ዩ። እዚ፡ የድክሞ ጥራይ ዘይኰነ፡ ናብ ሞት’ውን ኩብጽሖ ይኽእል’ዩ። ስለዚ ኸኣ ናብ በሪኽ ጎቦ ደይቡ ዕረፍቲ ይወስድ። ኣብኡ ኹይኑ ኸኣ ክንቲቱ ነጽዩ ይውድእ፣ መትኰቡን ኣጽፋሩን ምስ ከውሒ እናፋሕፍሐ፡ ይቕርምሞ። ኣዝዩ ኣድማዪን ኣቐንዛውን ተግባር’ዩ። ክሳዕ ክንቲቱ፡ መትኰቡን ኣጽፋሩን ከም ብሓድሽ ዝበቍል ኣብኡ ይጸንሕ። ምስ በቚለሉ ኸኣ ብሓድሽ ሓይሊ፡ ካብቲ ዝነበሮ ብዝበረኸ ይበርር። ሓደ ሓደ እዋን፡ ዝነበረና ዝኣረገ ባህሪ ክሳዕ ክንደይ ሓያል’ዩ ብዘይ የገድስ፡ ክንጉሕፎ የድልየና’ዩ። ጾር ዝኾነና ወይ’ውን ኣብ ህይወትና ዋጋ ዘይውስኸልና ነገራት ወጊድ ክንብሎ የድሊ።

***

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ወረ/ኛፍ/ ጎይትኦም ደባስ ኣፍ/ራት ሉተብርሃን መዃሾ ጓንጉል፡ ተወልደ ጎይትኦም ደባስ፣ ተጸዋዕቲ ወረ/ኛፍ/ ጎይትኦም ደባስ ኣፍ/ራት ሉተብርሃን መዃሾ ጓንጉል 1.ጸገረዳ ጎይትኦም ደባስ 2.ሃይማኖት ጎይትኦም ደባስ 3.ነጋሲ ጎይትኦም ደባስ 4. ነ/ፍ ሰለሙን ጎይትኦም ደባስ 4.1.ዓትሴባ ሰለሙን ጎይትኦም 4.2 ኣቢሳግ ሰለሙን ጎይትኦም 4.3.ሪም ሰለሙን ጎይትኦም 4.4 ሚልኪያስ ሰለሙን ጎይትኦም 4.5 ቢንያም ሰለሙን ጎይትኦም፡ ጠበቓ ፍረሂወት ልጃም፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ መዝገብ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ተጸዋዕቲ ካብ 4.1-4.5 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/5/26 ኣብ 10ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ብርሃ ወልዳይ ገብረሂወት፡ ልድያ ሃይለ፡ ጣእክ ልምዓትን ወፍርን ኤርትራ፣ ተኸሰስቲ ፍረወይኒ ቀለታ ወልደገርግሽ 1.እድሪስ ሰዒድ ዓሊ 2.ፋጥማ ፈረጅ እድሪስ 3. በርሀ ሃብቶም ገብረ፣ ተኸሰስቲ ቁ.3ን4ን ክቐርቡ ከምኡ'ውን ቁ1.ን2.ን ደማ ወረስቶም መ/ሕ/ሲ/ስ/ዓ/108 ናይ ገዝአብ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን19/5/26 ኣብ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣልጋሽ ህብተማርያም ተድላ፡ ብዓል ቤተይ ኣርኣያ ተኽለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ኣብ መንገና ወላድ ከም ዘይነበረና ክረጋገጸለይ ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 28/5/26 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ዛይድ ኣረጋይ ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ኣሰፍሃ ስልጣን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 10 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 22/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምን

ተስፋኣለም ገብረእግዚኣብሄር ሽመንዲ ምግል ተረፋ፡ የውሃንስ ገብረእግዚኣብሄር ሽመንዲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰላም የዕበዮ ዑቕባይ፡ ተኸሳሲ ባኖ ፍቫለ ዳኖው፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን26/5/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሬድዋን መሐመድ ዓሊ ምግል ተረፉ፡ ሬድዋን መሓመድ ኣደም ዓሊ፣ ስም ኣደይ ከኣ ኣበባ ተሰማ ምግል ተረፉ፡ ኣበባ ተሾመ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

እድሪስ መሓመድ ሳልሕ ምግል ተረፉ፡ እድሪስ ኣሕመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እናፍቅራ ኣዴና ሉል ሃይለ ካብ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘና እናገለጽና፡ ኣብ ሕማማ ዝተመላለስኩም፡ ዝደወልኩም ከምኡ እውን ኣብ ዕረፍታ ዝቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩም ካብ ወሽጢን ደገን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ስድራ-ቤት መ/ም ካሕሱ ሓድጉ ምስ መላእ ስድራ ቤት

ኣሞይ ወ/ሮ መድህን ሃይለ ማዘንግዕ ኣብ ከተማ ዓዲ ኳላ ዝርከብ ገዛኣ ብምስክር ወረቐት 41002 መወከሲ ቁጽሪ 411114 ዝፍለጥ 4 ክፍሊ ዘለዎ ብመዝ/ቁ 03/2026 ዕለት 12/01/2026 ዓ/ም ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ዓዲ ኳላ ብውህቡቶ ስለ ዝሃበትኒ፡ ሕጂ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይ ቀሪቡ ግን ናብ ዝምልከቶ ኣካላት መንግስቲ ቀሪበ ናብ ስመይ ክሰጋገር ምዃነይ እሕብር።

ተስፋሂወት ወልድኣብዝጊ ሃይለ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና፡ 126-5 ቁ.ገዛ 02 ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00043923፡ ናይ ወኪል ጉዕዞ ትካለይ፡ ናይ ኣልኮላዊን ልስሉስ ማስተን መሸጢ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣልማዝ ያቆብ ተዓሚዐ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና፡126-5 ቁ.ገዛ 02 ብዕለት 06/03/2026 ቁ.መዝ 107/2026 ብውህቡቶ ስለዝሃብኩዋ፡ ብስም ወዘቢ ዕዳ ኣሊኒ ወይ ይግበኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወህቡቶ ተረካቢ ከምዝመሓለልፍ ነፍልጥ።

ፋና ጋርዛ ኣስገዶም

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of **LETEMICHAEL P.L.C** on their Extraordinary General Meeting held on the 20th day of April 2026 have resolved that;

The share capital of the Company be reduced from 3,700,000.00 (Three Million Seven Hundred Thousand) Nakfa to 2,300,000.00 (Two Million Three Hundred) Nakfa by reducing the par value of each share from 3,700.00 (Three Thousand Seven Hundred) Nakfa to 2,300.00 (Two Thousand Three Hundred) Nakfa.

**LETEMICHAEL P.L.C**

ብስም ሳሙኤል ገብረኣብ ተድላ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00028285 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ሓሸመለ ቁ.ገዛ 42 ዝርከብ ናይ ስነ ጽባቐ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣሚራ ተስፋይ ተሾመ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና 115-1 ቁ.ገዛ 126፣ ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካሪየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣመልካቲ ሳሙኤል ገብረኣብ ተድላ


ቤት መግቢ ፒራሚድ

ይበላዕ እናበለ



ብዋናን ሼፍን ሬስቶራንት ካብ ዝዳሎ

- ዝመረጽኩሞ ሓሙሽተ ዓይነት መግቢ ዘለዎ መኣዲ ቁርሲ ሓደ ተመጋባይ ደጋጊሙ ዝምገቦ ብርትዓዊ ዋጋ
- ዝመረጽኩሞ ሓሙሽተ ዓይነት መግቢ ዘለዎ መኣዲ ምሳሕ ወይ ድራር ሓደ ተመጋባይ ደጋጊሙ ዝምገቦ ብኣዝዩ ርትዓዊ ዋጋ
- ካብ ሰሉስ ዕለት 21-04-26 ጀሚሩ ንቕደም በሉ ይብለኩም ኣሎ።

ጣዕምን መቐረትን መግብና መጺእኩም ተላለይዎ ተዓዘብዎ
ካብ ሼፍ ፍስሃየ ጸጋይ

ኣድራሻና፡ጎኒ ኮርፖሬሽን
ቀይሕ-ባሕሪ (09)
ቴል፡ 07129418

ብደሓን ምጹ






ሓዳስ መጽሓፍ

ዓቢ ብስራት ንኣንበብቲ መጽሓፍ 'ዕርቂ ሽራራ' እትባል መጽሓፍ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ደራሲ ሳሙኤል ሃብተሚካኤል (ወዲ ፎርማ)

ኣከፋፋሊ ቤት ማሕተም DC ተሌፎን 121653

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

### 1. Position: Boilermaker

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Process Plant-Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Carries out general "Boilermaker / Welding / Fabrication" work/ repairs on allocated equipment. (General repairs; fabrication of steps & handrails; door frames; feed chutes; pipes, etc).

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Follows the "Planned Maintenance Schedule". (Work Orders)
- Makes a list of parts and equipment required.

**Implementation of the Plan**

- Identifies the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Lays out, positions and secures parts and assemblies according to specifications, using "straight bridge"; combination square; callipers; and ruler.
- Tack-welds or welds components and assemblies, using electric, gas, arc, or other welding equipment. First assesses the area to be welded.
- Operates manual and automated welding units and equipment by depositing metal from electrode to work piece and joins the edges.
- Uses disc grinder to smooth out, weld, or grind parts prior to welding.
- Maintains correct length of arc and speed of movement to form specified depth of fusion and bead.
- Welds in flat and vertical planes (all position welding).
- Examines weld for bead size and other specifications.
- Grinds or cleans weld joint of work piece.
- Fabrication of new or replacement parts for equipment; ladders; walkways; covers; etc.
- Assembles component parts, using hand and small power tools.
- Follows other instructions relating to the position.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the work place, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/ incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the workplace.
- Attends technical and other training as required by supervisor.

**Writing Reports & Data Control**

- Compile daily; progress reports as requested.

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind and dusty environments
- Must be able to work at Heights
- Eritrean Driver's License Minimum Code 2 will be an advantage.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Formal Trade (Boilermaker / Welder). | • 3 - 5 years relevant experience |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (MS Office – basic<br>• Attention to detail<br>• Analytical skill<br>• Boilermaker & Welding experience<br>• Problem solving skill | • Communication (English)<br>• Integrity<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy<br>• Self-motivation. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
**P. O. Box 7940**
**Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
**P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ተኸለ ሃብተሚካኤልን ኣቶ ጎይትኦም ተኸለ ሃብተሚካኤልን፣ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ ነፍ/ ተኸለ ሃብተሚካኤል፥ ወ/ሮ ህድኣት ተኸለ +4 ብዘሎ ናይ ምቕሊት ውርሲ ጉዳይ፥ ቤት ፍርዲ ዞባ ብዕለት 27/7/2023 ብቁ/መዝ 1060/23 ዝሃቦ ናይ ፈጻሚ ትእዛዝ ምርኩስ ብምግባር፥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ከበቢ ማይ ጭሆት ጎደና 199-5 ዘ.ፕ ኮድ 1 199 ቁ.ገዛ 25 ዝርከብ፥ ብስም ኣቶ ተኸለ ሃብተሚካኤልን ነፍ/ተኸለ ሃብተሚካኤል ጎደፉን ዝተመዝገበ ህንጻ መበገሲ ዋጋ ሓራጅ 152,407.59 (ሓደ ሚእትን ሓምሳን ክልተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሸውዓተን ናቕፋ 59%) እዩ። እዚ ህንጻ ኣብ 150.00 ት/ሜትር ዝተደኮነ ተራ ገዛ ኮይኑ፥ ኣርባዕተ ቀንዲ ክፍልን ኣርባዕተ ሓገዝቲ ክፍልን ዘጠቓልል እዩ። ስለዚ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፥ ካብ ዝቐረበ ግምት ¼ ብስም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ በቲ ሕሳብ ሐዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ሐዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፥ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ እንተዘይ ኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፦ ኣብ ቁ/64
ቦታ ጨረታ፦ ላ/ቤ/ፍርዲ
ዕለት ጨረታ፦ 11/6/2026
ሰዓት ጨረታ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ

ፈጻሚት ፍርዲ
ቤትኤል ሓጎስ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ


| Zara Mining Share Company | **Vacancy Announcement** |
|---|---|
| **Position:** | **Underground Maintenance Mechanic** |
| **Number required** | **2** |
| Location: | Based at Koka Gold Mine (Site) Eritrea |
| Reporting to: | Maintenance Supervisor/Superintendent |
| Primary Responsibility | Position Overview: The Underground Maintenance Mechanic will repair and troubleshoot Sandvik underground mining equipment. The ideal candidate will have a strong background in mechanical systems and focus on ensuring optimal performance and reliability of equipment in a challenging underground environment. |
| Duties: | • Perform routine and preventive maintenance on Sandvik underground equipment.<br>• Diagnose and repair mechanical, hydraulic, and electrical issues on mining machinery.<br>• Conduct inspections and tests to ensure equipment operates safely and efficiently.<br>• Maintain accurate records of maintenance activities and repairs.<br>• Collaborate with the operations team to minimize equipment downtime and maximize productivity.<br>• Adhere to all safety protocols and regulations to ensure a safe working environment.<br>• Provide technical support and training to junior mechanics and operators.<br>• Stay updated with the latest advancements in Sandvik equipment and maintenance practices. |
| Educational Qualification | - Minimum school education – Grade 11 or N2 certificate<br>- A recognizable Trade certificate or higher.<br>- Ability to read, write, and speak in English. |
| Working Experience- Nature & length: | - Sandvik maintenance certificates.<br>- Minimum of 5 years of experience working on Sandvik underground equipment.<br>- Strong knowledge of mechanical, hydraulic, and electrical systems.<br>- Ability to read and interpret technical manuals and schematics.<br>- Excellent problem-solving skills and attention to detail.<br>- Strong communication and teamwork abilities.<br>- . |
| Leadership Experience- Nature, Length of time | - Liaise with internal and external stakeholders professionally and courteously and provide advice where required.<br>- Familiarity with best practices in Workplace Health and Safety and Environmental procedures and legislation policies |
| Other skills & abilities | ▪ Physically fit and healthy.<br>▪ Strong communication and interpersonal skills.<br>▪ Team player<br>▪ Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,<br>▪ Must be able to work and perform under pressure.<br>▪ Good verbal and written communication skills in English<br>▪ Flexibility to work outside of regular business hours if required.<br>▪ Must be able to work under minimal supervision.<br>▪ Perform any other duties as requested by your supervisor. |
| Key Performance Indicators: | ▪ Willing to undertake tasks requested by management outside the job description, should the need arise |
| Salary | As per the Company scale |

Additional Requirement for nationals: - Having fulfilled his/her National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, .

Note to Eritrean applicants: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

Deadline for application: 10 days from the day of announcement.



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ዕዉታት፡ መበል 17 ‘ውድድር ተርሙማ’ ተሸሊሞም!

ዝኸበርኹም ኣንበብቲ ዓምዲ ተርሙማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ መበል 17 ውድድር ተርሙማ ኣካይድና ምንባርና ዝዝከር እዩ። ዕዉታት መበል 17 ውድድር ብዕለት 26-04-2026 ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝተዳለወሎም ሰርቲፍኬት ንምቕባል ጽንብል ተኻይዱ።

መደብ ከምቲ ልሙድ ብዝክረ ሰማእታት ዝኾነ 39 ዕዉታት ክሸለሙ እዮም። ኣብ ናይ ሎሚ ምዕዳል ሽልማት ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ ከተማ ተሰነይ ሽልማት ንምውሳድ ዝመጽአ ሓደ ዕዉት ተመሃራይ ኣሎ። ብስም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ድማ ልዑል ምስጋና ይብጽሓዮ። ውድድር ዕዉት ንክኸውን ዝሰርሑ ኵሎም ሰለቲ



ተጀሚሩ። ድሕሪ ዝክረ ሰማእታት ኣዳላዊ ዓምዲ ተርሙማ፡ ያቆብ መርሃዊ (ጃክ) መድረኽ ተረኪቡ፡ ንተዓወትቲ ተመሃሮን ወለድን እንቋዕ ኣሓጐሰኩም ብምባል፡ “… ኣብ መበል 17 ውድድር ተርሙማ ንኡድ ዝኾነ ውጽኢት ዝተመዝገበሉ ውድድር እዩ ነይሩ። 39 ተመሃሮ ምሉእ ነጥቢ ኣምጺኦም። እዚ ድማ ውድድር ተርሙማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይኸይድ ምህላዉ የርእየካ። … ኣብ መበል 17 ውድድር 167 ተወዳደርቲ ካብ ኣርባዕተ ዞባታት ነይሮም። ካብቲ ዝተዋህበ ሕቶታት ባህሊ 100%፡ ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ 69.58%፡ ግድል 100%፡ ሓፈሻዊ ሕቶታት 70.78% ብጠቕላላ ድማ 84.94% ልክዕ መልሲ ተመሊሱ። ዝበዝሐ ጌጋ ዝተረኽቦ ሕቶታት ታሪኽ ነይሩ። ኣብ ሕቶታት ባህሊ ኸኣ ዝበለጸ ውጽኢት ተመዝጊቡ።

“… ተወዳደርቲ ካብ ኣርባዕተ ዞባታት ኮይኖም፡ ካብ ደ.ቀ.ባሕርን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪን ተወዳደርቲ ኣይነበሩን። ተዓወትቲ ካብ ኣርባዕተ ዞባታት እዮም። … ከም ወትሩ ዕላማ ውድድር ተርሙማ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ምውድዳር መንፈስ ምሕዳርን ናይ ንባብ ዝንባለ ንምዕባይን ስለ



ኣቶ ዮናስ ተሰፋይ

ዝገበርዎ ኣበርክቶ ብልቢ ነመስግን!” ብምባል መደረኡ ዛዚሙ።

ድሕሪ ኣዳላዊ ዓምዲ፡ ካብ ከተማ ኣስመራ ዝመጽአ ኣቦ ዕዉት፡ ኣቶ ዮናስ ተሰፋይ መድረኽ ተረኪቡ።

ኣቶ ዮናስ ተሰፋይ፡ “… መጀመርታ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንኣንበብቲ ንምምሃርን ጽልዋ ንምሕዳርን ንእትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ብልቢ ኣመስግን። ኣብ መበል 17 ውድድር፡ ወደይ ተዓዊቱ ኣሎ። እዚ ዓወት እዚ ኸኣ ንምልእቲ ስድራና ዘሐጐሰና ዓወት እዩ። ልዕሊ ኵሉ ድማ ደቅና መጽሓፍቲ ንኽፍትሹን ምስ ካልኦት ንኽመያየጡን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። … ውድድር ተርሙማ ኣብ ኣፍልጦና ይኹን ኣተሓሳስባና ዓቢ ጽልዋ ይገብር ኣሎ። ነዚ ሕቶታት ክንምልስ ንብዙሓት ቤተ ሰብ፡ ብዙሓት መጽሓፍቲ ፈቲሽና። ንኣባላት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንእትገብርዎ ዘለኹም ጻዕሪ ኣድንቕ። ቀጽልዎ ንሕና ድማ ተሳትፎና ክንቕጽል ኢና… የቐንየልና!” ብምባል ሓሳቡ ብሓጐስ ኣካፊሉ።

ድሕሪ ኣቶ ዮናስ ተሰፋይ መድረኽ ዝተረከበት፡ ዕውትቲ ተመሃሪት ሶፍያ ኣማረ፡ ካብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ እያ።

ተመሃሪት ሶፍያ ምስ ነብሳ ድሕሪ ምልላይ፡ “…መጀመርታ የቐንየለይ። ቀጺለ ኣብ ውድድር ተርሙማ ምዕዋተይ ኣዝየ ተሓጒሰ ኣለኹ። ውድድር ተርሙማ ኣዝዩ ጽቡቕ ነይሩ። ንሕቶታት ውድድር ተርሙማ ምስ ስድራ ኴንና ኢና ሰሪሕናዮ። ተዓዊትኪ ምስ ተብሃልኩ ኣዝየ ተሓጒሰ። ኣብ ዝቕጽል ከኣ ካብዚ ብዝለዓለ ክቕጽል እየ። ብዙሕ ትምህርቲ ንረክብ ስለዘለና ቀጽልዎ፡” ብምባል ሓጐሳ ገሊጻ።

ብድሕሪ እዚ ምዕዳል ሽልማት ስዒቡ። ናይ መበል 17 ውድድር ናይ ክብሪ ዕዱም፡ ዶክተር ሳምሶን ኣባይ እዩ። ንዕዉታት ተመሃሮ ተሳትፎኦም ብምድናቕ ከምዚ ዓይነት ውድድር ንተመሃሮ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ክቕጽል ብምልባው፡ ንተመሃሮ ኣብ ኣጠቓቕማ ሞባይል ክገብርዎ ዘሎዎም ጥንቃቐ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ፡

“…. ሞያይ ምስ ጥዕና ቈልዑ ዝተኣሳሰር እዩ። ስለ ዝኾነ ጥዕና ቈልዑ ካብቲ ብቐዳምነት ዝሰራዕ እዩ። ሕማማት ቈልዑ ብዙሓት እዮም። ኣብዚ ግዜ እዚ ግን ልዕሊ ተፈጥሮኣዊ ሕማም፡ ባዕልና እነምጽኦም ሕማማት ይበዝሑ ኣለዉ። ሓደ ካብኣቶም ሕማም ዓይኒ እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ምስ ተጠቃምነት ሞባይል ኣዒንቲ ቈልዑ ኣብ ሓደጋ ክኣትዋ ምዕዛብ ግኑን ኮይኑ ኣሎ። ወዲ ሰብ ዓይኑ እንተስኢኑ ክንዲ ምንታይ ሓደገኛ ምዃኑ ንምርድኡ ቀሊል እዩ። ስለዚ፡ መጻኢት ተረከብቲ ሃገር ንስኻትኩም ኢኹም። ኣብ ግዜ ንእስነትኩም እንተዘይጥዊኹም ድማ ዋጋ የብሉን። ስለዚ፡ ተጠቃምነት ሞባይል ክግታእ ኣለዎ። ኣብ እትጥቀምሉ ግዜ



ሶፍያ ኣማረ

ድማ ናይ ግዜ ገድብ ገይርኩም ክትሰርሑ ክላበወኩም እደሊ። ስለዚ፡ ከምዚ ዘለኹሞ መጽሓፍቲ ኣንብቡ፣ ኣብ ትምህርትኹም ከኣ ግዱሳት ኩኑ፡” ብምባል ንዕዉታት ተመሃሮን ንተሳተፍቲ ወለድን ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ሞባይል ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዕዉታት ዝተዳለወሎም ወረቐት ምስክር፡ ካብ ዶክተር ሳምሶን ኣባይ ተቐቢሎም።

ድሕሪ ምዕዳል ሽልማት ድማ መደብ ብሃገራዊ መዝሙርን ናይ ስእሊ መደብን ብደስ ዝብል ሃዋህው ተዛዚሙ።

ኣዳላዊ ዓምድን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን፡ ንዶክተር ሳምሶን ኣባይን ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤን ከም ወትሩ ነመስግን!

## መልሲ ውድድር ተርሙማ

**ሀ. ሕቶታት ባህሊ**

1. ሸራራ
2. ዓይበት
3. ደልሚ
4. ገረድ
5. ብራና

**ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ**

1. 1 ጥሪ 1890 ዓም
2. መልእኽቲ ሰላም 1912 ዓም
3. 17 ሕዳር 1899 ዓም
4. 1837 ዓም
5. መፋርቕ ሓምለ-መወዳእታ ነሓሰ 1978 ዓም

**ሐ. ግድል፧**



**መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት**

1. ዮውሃንስ ኮሎመዲን
2. ዛንታ ኤርትራ፡ ኣባ ገብረእየሱስ ሃይሉ 1927 ዓም
3. ዳሉል
4. ሸሞንተ
5. ክልተ

## ዕዉታት ውድድር ተርሙማ

| ተ.ቁ. | ምሉእ ስም ዕዉት ተመሃራይ | ደ.ት | ዞባ |
|---|---|---|---|
| 1 | ብሩኽ ዳዊት | 1 | ማእከል |
| 2 | ሉልንዳ ዜናዊ | 2 | ጋሽ ባርካ |
| 3 | ለውሃት ምስጉን | 3 | ማእከል |
| 4 | ራኢ ኣማረ | 3 | ማእከል |
| 5 | ኣርማና ዜናዊ | 3 | ጋሽ ባርካ |
| 6 | ሰናይ ሳምሶም | 4 | ማእከል |
| 7 | ክብሪ ዮናስ | 4 | ማእከል |
| 8 | ሶፍያ ኣማረ | 4 | ማእከል |
| 9 | ኬብሮን ገብረመስቀል | 4 | ማእከል |
| 10 | ዕድል መርሃዊ | 4 | ጋሽ ባርካ |
| 11 | ብሌን ዳዊት | 5 | ማእከል |
| 12 | ያቆብ ይስሃቕ | 5 | ማእከል |
| 13 | እሰይ ኤርምያስ | 5 | ማእከል |
| 14 | ተስፋ ዳንኤል | 5 | ማእከል |
| 15 | ማክዳ ገብረመስቀል | 5 | ማእከል |
| 16 | ሚርያም ዳዊት | 5 | ማእከል |
| 17 | ብሩኽ ምስጉን | 5 | ዓንሰባ |
| 18 | ሓልዮት ሰዩም | 6 | ማእከል |
| 19 | ሲራክ ወልደኣብ | 6 | ማእከል |
| 20 | ብሩኽ ተኪኤ | 6 | ማእከል |
| 21 | ሜላ ሳምሶም | 6 | ማእከል |
| 22 | ለውሃት ዓወት | 6 | ማእከል |
| 23 | ሓበን ሙሉጌታ | 6 | ማእከል |
| 24 | ናትናኤል ዳኒኤል | 6 | ማእከል |
| 25 | ያሬት ኤርምያስ | 6 | ማእከል |
| 26 | ዮናታን ገብረመስቀል | 6 | ማእከል |
| 27 | ዮኣብ ዮናስ | 6 | ማእከል |
| 28 | ኣላእ ዑመር | 6 | ዓንሰባ |
| 29 | ሙሴ መርሃዊ ቦኽረጼን | 6 | ጋሽ ባርካ |
| 30 | ኤልያቭ ጊላሚካኤል | 6 | ጋሽ ባርካ |
| 31 | ቤትኤል ክፍላይ | 7 | ማእከል |
| 32 | ሃለሉያ ሰዩም | 8 | ማእከል |
| 33 | ቤትኤል ዳዊት | 8 | ማእከል |
| 34 | ሀያብኤል ዓወት | 8 | ማእከል |
| 35 | ጳውሎስ ዮሴፍ | 8 | ማእከል |
| 36 | ሳሌም መርሃዊ | 8 | ማእከል |
| 37 | ሴም ኤርምያስ | 8 | ማእከል |
| 31 | ሰናርያ ዮናስ | 8 | ማእከል |
| 39 | ሰሲዶና ደበሳይ | 11 | ደቡብ |

## ጭርሖታት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ በብዓመተ ምህረቱ

1991፡ ጸሓይና መሊኣ በሪቓ

1992፡ ንዕማም ዳግመ ህንጸት ከም ጉዕዞ ሓርነት ብትብዓት ክንዛዝሞ ኢና

1993፡ ሕጂ’ውን ዕላማና ብልጽግትን ስልጥንትን ሃገር ምህናጽ’ዩ

1994፡ ከም ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ዳግመ ህንጸት ተኣምር ንስራሕ

1995፡ ሎሚ’ውን ከም ትማሊ ጽንዓት ብስራሕ

1996፡ ከም ተኣምር ናጽነት ቅያ ልምዓት ክንሰርሕ ኢና

1997፡ ንጹር ራእይ ጽኑዕ መብጽዓ

ይቕጽል….

ምንጪ፡ መጽሓፍ ኣብነት መዘገበ ቓላት
መም/ በሽር ዑመር (ሹም)

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ካብ ምዝመዛ ጉልበት ናብ ወናኒት ዓወት

ሚርያም ዮሴፍ

ሎሚ ኣብ ናጻ ኤርትራ ንማዕሉትን ግቡኣትን ሰራሕተኛታት ዘጸር፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርና ይኹን ካልኦት ኣገደስቲ ሰነዳትና ዝሰፈረ መትከላት፡ ከም ቀንዲ መርሓና ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ እዩ። ክንዮ ኣብ ጽሑፍ ምስፋር ዝሸይድ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋገጾ መሰላት ምኻኑ ድማ ዝስሓት ኣይኮነን። ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ኣብ 1977 ኣብ ዘየደ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ዘጽደቖ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ፕሮግራም፡ ንማሕበራዊ መሰላት ሰራሕተኛታት ኣመልኪቱ ዘውጸኦ መርሓታት፡ መርኣያ ናይቲ ዝበሮ ነዊሕ ራኢን ሰብኣዊ ኣጠማምታን እዩ። ገለ ካብኡ፡ ንመሰል ሰራሕተኛታት ዝጣበቑን ዘረጋግጹን ማሕበር ሰራሕተኛታት ምቛምን ሕጊ ምውዳእን፡ ድሕነት ጥዕና ሰራሕተኛ ዝሕለወሉን ግቡእ ማሕበራዊ ናብዮት ዝረኽቡሉን ባይታ ምፍጣር፡ ናይ ስራሕ ውሕስነት ዘረጋግጹሉን መሰሉ ዝሕለወሉን፡ ከምኡ'ውን ሸቐለት ኣልቦት ንምጥፋእ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ስራሕ ዝረኽበሉ ባይታ ምፍጣርን ካልእን ዝብል ይርከቦ። ቃልሲ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ድማ፡ ሓደ ክፋል ናይቲ ፖለቲካውን ቁጠባውን መሰላት ንምጉንጻፍ ዝተኻየደ ቃልሲ ኮይኑ ኣብ ታሪኽና ሰፊሩ ኣሎ።

ኣብ 1960ታት፡ ኣብ ኤርትራ ብርክት ዝበሉ ሕሱር፡ ዘይክእለታዊ ዕዮ ደቂ ኣንስትዮ ዝጠልብ መሳንዖት ስለ ዝተኸፍታ፡ ንቑጽሪ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ክብ ዘበሉ እዋን እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ መሰላት ሰራሕተኛታት ዝሕሉ ሕጊ ስለ ዘይነበሮ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ዝነበረ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበር ብምልማስ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ኣብ ትሕቲ ሕሱም ናይ ስራሕ ኩነታት ክሰርሓ ኣገዲዱ እዩ። እዚ ተርእዮ ድማ ምስ ምምጻእ ስርዓት ደርግ እናበኣሰ ከደ።

ንኣብነት፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ናይ ሸሞንተ ሰዓታት ናይ ስራሕ ግዜ ተኣዊጁ እኳ እንተ ነበረ፡ ነፍሲ ወከፍ ጓል ኣንስተይቲ ሰራሕተኛ ኣብ መዓልቲ ዕረፍታ ብውሑዱ ናይ ሹዱሽተ ሰዓታት ደሞዝ ዘይክፈሎ ዕዮ ብስም "ምርት ዘመቻ" ወይ ናይ እዮት ዘመተ ከተወፊ ስለ እትግደድ፡ ነቲ ምዝመዛ የብእሶ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ነቲ ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ደሞዝ ዝብል መሰል ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ብተመሳሳሊ መገዲ የፍሽሎ። ንኣብነት፡ ኣብ ሓንቲ ካብ'ተን ደርግ ዝሃገረን መሳንዖት ፋብሪካ ጨርቀመርቂ (እንዳ ባራቶሎ)፡ ኣብ ናይቲ ፋብሪካ ሰራሕተኛታት፡ ማለት ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝነበረ ናይ ደሞዝ ፍልልይ ዓቢ ከም ዝነበረ እዩ ዝፍለጥ።

ንደቂ ኣንስትዮ ንጥዕናአን ጉዳኢ ዝኾነ ስራሕ ከም ዝሰርሓ ምግባር'ውን፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኢሰብኣዊ ገበናት ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ እዩ ነይሩ። ገለ ካብ'ተን ንደቂ ኣንስትዮ ብጠዘሐ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ናይ ስራሕ ኩነታት ዘሰትፉ ዝነበራ መሳንዖት፡ ትካል እንዳ ማዕጺድ እዩ ነይሩ። እዚ ትካል ንገዳይም ሰራሕተኛታት፡ ንኣሸቱ ምኽንያት እናፈጠርካ ብዘይ እስትሕጋግ ናይ ምስናዎን መሰላት ድሕነት ብምዝላሰን ዝፍለጥ ዝነበረ እዩ። ብቑጽሪ ኣዝዩን ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ግዳይ ናይዚ ኮይነን እየን።

ኣብዚ መድረኽ ካብ ዝነበረ ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ሓደ፡ ናይ ቀደምን ድሕርን ሕርሲ ዘሎ ኩነታት እዩ። ኣብ ግዜ ወሊድ ዕረፍቲ ካብ ዘይምህላው ዝተቕለ፡ ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እግሪ ማሽናት ኮይነን ይሓርሳ ነይረን እየን። ኣብ 1983፡ ኣብ ገለ ገለ ትካላት ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ካብ ዝበረ ተርእዮ ኮይኑ፡ ገለ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ናይቲ ትካላት ብሰንኪ እኹል ሕክምናዊ ክንክን ዘይምርካቡ ኣብ ቦታ ስራሕ ሂወትን ዝሰኣና ከም ዘለዋ'ውን ይፍለጥ።


እዚ ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝበለ ጸንኩር ናይ ስራሕ ኩነታት ዝረኽብኦ ደሞዝ'ውን እንተኾነ፡ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ብምፍጣር ይቑረጽ ነይሩ እዩ። ገለ ካብኡ፡ ዘይምኽኑይ ቀረጽ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንዝሰርሑ ህንጻታት ዝቑረጽ ደሞዝ፡ ብፈንጂ ተጋደልቲ ንዘዕነዉ ትካላት መጸገኒ፡ መማዕበሊ ስፖርት፡ ንእግሪ መትከሊ፡ ወዘተ ተባሂሉ ዝቑረጽ ደሞዝ ማእለያ ኣይነበሮን። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ትሕቲ ፍርቂ ናይ ዝሰርሓኦ ደሞዝ ጥራሕ ኣብ ኢደን ይበጽሕ ነበረ።

ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ነቲ ኣብቲ መስፍናዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ይኹን ኣብ ስርዓት ደርግ ዘጋጥመን ዝነበረ ጸቕጥታት፡ መማስቲ መድረኹ ዝሸይድ ተቓውሞታት የርኢያ ነይረን እየን። እቲ ዕቱብ ናይ ሰራሕተኛታት ምውዳብን ምንቃሕን ከምኡ'ውን ተቓውሞታት ግን፡ ምስ ምውላድ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ካብ 1974 ንደሓር እዩ ጀሚሩ። በዚ ምኽንያት ከኣ፡ ቁጽሪ ናይ'ተን ኣብ ትሕቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ተወዲበን ዝንቀሳቐሳ ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክብ እናበለ ከይዱ። ንኣብነት፡ ኣብ 1975፡ 3.3% ናይ'ቶም ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝነበሩ ኣባላት ሓፋሽ ውድባት ህ.ግ.ሓ.ኤ. የቖማ ነይረን። ኣብ 1976፡ ናብ 7.5% ክድይብ ከሎ፡ ኣብ 1977፡ ናብ 13.4%፡ ኣብ 1978 ድማ ናብ 21.1% ደየበ። ካብ 1979 ንደሓር ከኣ፡ ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ብዘለዓለ ደረጃ ተጠርኒፈን ከም ኣባላትን ሓለፍትን ናይቲ ብመሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝቖመ ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኮይነን ሰውራዊ ንጥፈታተን ኣብ ምስልሳል ብዘወፈይኦ ነጢፈን እየን።

ገለ ካብቲ ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ዘካየደኦ ተቓውሞታት ድማ፡ እቲ ብናይ 'ደቂ ኣንስትዮ ሰሙን' ዝፍለጥ፡ ናይ'ተን ኣብ እንዳ ባራቶሎ ዝሰርሓ ዝነበራ 2000 ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ እዩ። እዚ ኣድማ እዚ፡ ወሰኽ ናይ ደሞዝ ዝጠልብ፡ ኣብ መንጎ ናይ ስራሕ ሰዓታት ወሰን ናይ ዕረፍቲ ግዜ ዝጠልብ ከምኡ'ውን መሰላት ጥዕና ሰራሕተኛታት ክሕሎ ዝጸውዕ ኣድማ እዩ ነይሩ። እዚ ኣድማ እዚ፡ ካብ 25 መስከረም ክሳብ 6 ጥቅምቲ 1974 እዩ ተኻይዱ። ኣብ ውሽጢ እዚ ክልተ ሰሙን ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ናይዚ ትካል፡ ለይትን መዓልትን ኣብ ኣፍ ደገ ናይቲ ፋብሪካ ይውዕላን ይሓድራን ከም ዝነበራ ይፍለጥ። ኣብ መጀመርያ፡ እቲ ኣድማ በቲ ስርዓት ኮነ በቲ ወናኒ ፋብሪካ ትሑት ግምት ተዋሂብዎ እኳ እንተ ነበረ፡ ክሰጉት ኣጸጋሚ ምስ ኮነ ግን፡ ኣካየድቲ ናይቲ ትካል ናይ 0.50 ሳንቲም ናይ ደሞዝ ወሰኽ ብምግባር፡ ነቲ ናይ ስራሕ ኣድማ ከም ዝቋረጽ ገበሩ።

ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ መሪሕ ቦታአን ኣብ ሰውራ ብምግባር ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ንመግዛእቲ ናብ መፈጸምትኡ ንምብጻሕ ዝተየደ ዝነበረ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተሳቲፈን ወፊየንን ዓጢቐንን'ውን እየን። ካብቲ ዝርከቡ እትዋተን'ውን ናይ ገንዘብን ንዋትን ደገፍ ብምውሃብ ንሰውራአን ደጊፈን እየን። ንኣብነት፡ ኣብ 1979 ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትካል ዓለብ እንዳ ኢት ዝሰርሓ ዝነበራ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት፡ 1479 ጥሮታት መንዲል ንጸህና ሰራሒን ንሰውራ ኣወፍየን እየን። ገለ ሰራሕተኛታት'ውን ካብ 20% ክሳብ 50% ናይ ደሞዘን ዘወፈያ ሓርበኛታት ከም ዝነበራ ይፍለጥ። ኣብ 1977፡ ብሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ብመገዲ ወርሓዊ ወጸኢት ዝተኣከበ 85 ሽሕ ብር'ውን ነቲ ዝነበረን ኣበርክቶ እዩ ዘንጸባርቕ።

ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምዕናው ትካላት ጸላኢ ከይተረፈ ይሳተፋ ነይረን እየን። ኣብ 1976፡ ንፋብሪካ ክርቢት ንምዕናው ዝወጸ መደብ፡ ናይቲ ፋብሪካ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ከም ዝትግብራኦ ተገብረ። ድሕሪ እቲ ዝተኻየደ ከፊላዊ ስርሒት ድማ፡ ናብ ሜዳ ኤርትራ - ናብ ብረታዊ ቃልሲ ተጸንበራ።



ብዘወሳኺ፡ ንህዝባዊ ግንባር ዘለወን ጽኑዕ ደገፍ ንምግላጽ፡ ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማ'ውን የካይዳ ነይረን እየን። ንኣብነት፡ እቶም ኣብ ፋብሪካ ዓለብ ባራቶሎ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ባሕቲ መስከረም ናይ 1982፡ "መሰላትና ይተሓለወልና፡ ግፍዐኛታት ሓለፍቲ ይቀየሩልና፡" ብምባል ናይ ስራሕ ኣድማ ገይሮም እዮም። ኣብቲ እዋን እቲ ናይ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ወከል ዝነበረ ሻለቃ ዳዊት ወልደጊዮርጊስ፡ "ሎሚ በዓል ናይ ሻዕብያ ስለ ዝኾነ፡ ደገፍቲም ንሻዕብያ ንምርግጋጽ ኢኹም እዚ ኣድማ ተካይድዎ ዘለኹም፡" ብምባል፡ ናይ ምፍርራሕ ዘመተ ኣካየደ። እንተኾነ፡ ኩሎም እቶም ንኣድማ ዝወጽኡ ሰራሕተኛታት፡ ብትብዓት ንምሉእ መዓልቲ ዝቐጸለ ኣድማ ኣካየዱ። ኣብዚ ፍጻመ ድማ፡ 80% ናይ'ቶም ወደብቲን ኣድመኛታትን ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ከም ዝነበራ ይፍለጥ።

ተቓውሞ ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ፖለቲካውን ቁጠባውን መዳይ ጥራይ ዝተወሰነ ኣይነበረን። ኣብቲ ናይ ሰብ ብሰብ ምዝመዛ ንምጥፋእ፡ ብመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዝተየደ ዝነበረ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተሰሊፈን ቃልሰን ብንጥፈትን ልዑል ተወፋይነትን ብምስልሳል መሪሕ ቦታአን ኣረጋጊጸን እየን።

ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1991፡ ኩሉ መግዛእታዊ ቃና ዝነበሮም፡ ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ኣድልዎ ዝገብሩ ፖሊሲታት ብሓዲሽ ድሕሪ ምኽላስ ድማ፡ ዳግማይ ቃልሲ ናይ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሕቶን ተራን ጓል ኣንስተይቲ ብዕቱብ ተታሕዘ። ዝኾነ ንሰብኣዊ መሰል ጓል ኣንስተይቲ ዝደፍር፡ ዝደርት፡ ዘቆናጽብ ወይ'ውን ንኣበርክቶኣን ተሳታፍነታን ዝዐንቅጽ ድማ፡ ኩሉ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ተሓታትነት ከም ዘህልዎ ተገብረ። ንመሰላትን ሕቶን ደቂ ኣንስትዮ ኣመልኪቱ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርን ማክሮ ፖሊሲ ኤርትራን ዝሰፈረ መትከላት'ውን መርኣያ ንጹር መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ እዩ።

ኣብ 2001 ዝወጸ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ 118፡ ንመሰል ዕዮ፡ ማዕረ ናይ ስራሕ ዕድል፡ ማዕረ ደሞዝ፡ ከምኡ'ውን ንመሰላት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ጥንሰን ሕርሰን ዘድንፍዕ ኣዋጅ ኮይኑ ወጺኡ። ብመሰረት ኣብዚ ፖሊሲታት'ዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ነጥብታት ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝተሓዝአ ንደቂ ኣንስትዮ ዘይግባእ ናይ ስራሕ ባይታ ከም ዘይህሉ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ድማ ጾታ ዝመበረሰኡ ኣድልዎ ከይህሉ ብንጹር ይድንገግ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ተዋፊረን ናይ ዝሰርሓ ብዝሒ ደቂ ኣንስትዮ ብዘለኣድ ቁጽሪ ይውሰኽ ኣሎ።

ዝ. ብቓልሲ ዝተረጋገጸ መሰል ንምድራዕ፡ ክንዮ ብቑጽሪ ብዓይነት'ውን ተወዳደርቲ፡ ኣፍረይቲን ጻለውትን ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ኮይነን ክወጽኣ ቀጻሊ ጻዕሪ ይሓትት።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቁልዑ |
| 09:45 | ፓኖራማ |
| 10:25 | ዶክመንታሪ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | እቲ ካልእ ዝናር 2ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ - መኣዝን ልምዓት |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ቃለ መሕተት ምስ ተዋሳእቲ ብዛዕባ ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ኣመሪካ ሓዲሽ መጥቃዕቲ ከይትኸፍት ኣጠንቂቓ

ኢራን፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊኣ ሓዲሽ መጥቃዕቲ እንተ ኣካይዳ፡ ብወገና ኣብ ልዕሊ'ተን ኣብቲ ዞባ ዝርከባ መዓስከራታ 'ሓያል' ዝበሎቶ ናይ ግብረ መልሲ መጥቃዕትታት ከተካይድ ምዃና ኣጠንቂቓ።

ኢራን፡ እስራኤልን ኣመሪካን ኣብ ልዕሊኣ ድሕሪ ዘካየዳኦ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ፡ ነቲ ን20 ሚእታዊት ካብ ኑዱዲ ዓለምና ዘተሓላልፍ መጽበብ ሆርሙዝ ብምዕጻው፡ ንኣመሪካ ናብ ልዝብ ክትኣቱ ከምዝቐሰበታ ዝፍለጥ እዩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራን ዝነበሮ ዘሎ ዕጽዋ ከናውሐ ተኸእሎታት ከም ዘሎ ድሕሪ ምግዋሑን ዝርርብ ኣመሪካን ኢራንን



ኣብ ዕጹው ማዕጾ ድሕሪ ምብጽሑን ዋጋ ኑዱዲ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ከም ዝበጽሐ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ሓደ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ብዓል ስልጣን ኢራን፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ ምስ እትፍጽም፡ ልክዕ ከምቲ ኣብቲ ዞባ ኣብ ልዕሊ ዝርከባ መዓስከራታ ዝወረደ ዕንወት፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ኲናት መራኽብ እውን ተመሳሳሊ ዕንወት ክወርድ ምዃኑ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

## እስራኤል፡ ብርክት ዝበለ ኣጽዋር ካብ ኣመሪካ ተቐቢላ

ኣመሪካ፡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት፡ 6,500 ቶን ዝምዘን ወተሃደራዊ ኣጽዋርን ተተኳሶትን ናብ እስራኤል ከም ዘለኣኸት፡ ሰብ ስልጣን እስራኤል ኣፍሊጦም።

እቶም ሰብ ስልጣን ዝ. ዘፍልጡ ዘለዉ፡ ሓላፊ ማእከላይ እዚ. ኣመሪካ ብራድ ኩፐር፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ጸቕጢ ንምፍጣር ኣብ ልዕሊኣ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ዳግማይ ክውሰድ ኣብ ዝኽእለሉ መንገዲ ኣተኩሩ ንፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ መግለጺ ከም ዝሃቡ፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ኣብ ዘቃልሓሉ ዘለዋ እዋን እዩ።

ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ድሕሪ ዝቐጸለ ኲናት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን፡ ብ8 ሚያዝያ ኣመሪካን ኢራንን ምቁራጽ ተኹሲ ክንብራ እኳ እንተ ተሰማምዓ፡ ዲፕሎማሲያዊ ፍታሕ ንምርካብ ዘካየዳኦ ፈተነ ግን ክሳብ ሕጂ ኣይተዓወተን ዘሎ።

ምቁጽጻር መጽበብ ሆርሙዝን ምምዕባል ንዩክሌሳዊ መደባት ጣህራንን እቶም ኣብ ስምምዕ ከይብጽሕ ቀንዲ ዕንቅፋት ኮይኖም ዘለዉ ዛዕባታት ምዃኖም'ውን ምንጭታት ይሕብሩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ ኣሽሓት ናይ ኣየርን መሬትን ተተኳሲ፡



ወተሃደራውያን ተሸከርከርትን ካልእ ወተሃደራዊ መሳርያታትን ዝጸዓና ካብ ኣመሪካ ዝተላእኻ ክልተ መራኽብ፡ ኣብ ወደባት ኣሽዶድን ሃይፋን ከም ዝበጽሓ ኣዘኪሩ።

ብመሰረት ጸብጻብ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል፡ ብ28 ለካቲት፡ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ልፍንታዊ መጥቃዕቲ ካብ ዝጀምራ ንደሓር፡ ልዕሊ 115,600 ቶን ወተሃደራዊ መሳርሒታት ኣመሪካ ንእስራኤል ተረኪቡ ኣሎ።

ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል - እስራኤል ካትዝ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ንዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት ዋሺንግተን ከም እትድግፍ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ኢራን ዳግማይ ስጋኣት ንኸይትኾውን ግን፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኣብ ልዕሊኣ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ምውሳድ ኣድላዪ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣተሓሳሰበ።

ኢራን ብወገና፡ ኣብ ልዕሊኣ ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ ዳግማይ ምስ ዝፍጸም፡ ኣብ ልዕሊ ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ መዓስከራት ኣመሪካ ሓያል መጥቃዕቲ ከተካይድ ምዃና ኣጠንቂቓ ኣላ።





## ቬነዝዌላ፡ ምስ ኣመሪካ ቀጥታዊ በረራ ጀሚራ

ክፍሊ ውሽጣዊ ጸጥታ ኣመሪካ፡ ብሰንኪ ጸጥታዊ ስግኣታት ኣብ ልዕሊ በረራታት ቬነዝዌላ ንዘይተወሰነ እዋን ኣጽዲቕዎ ዝጸንሐ ናይ በረራ እገዳ ድሕሪ ምልዓሉ፡ ቀጥታዊ ንግዳዊ በረራ ካብን ናብን ክልተአን ሃገራት



ከም ዝጀመረ ተሓቢሩ።

እቲ ድሕሪ ሸውዓተ ዓመታት ዝጀመረ ቀጥታዊ በረራታት፡ ካብ 2019 ኣትሒዙ ዝተቛረጸ ዝምድና ኣመሪካን ቬኑዝዌላን ዳግማይ ንምሕያል ድሕሪ ዝተወሰደ ስጉምቲ እዩ ዝጀምር ዘሎ።

ዝሓለፈ ጥሪ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ካብን ናብን ካራካስ - ዋሺንግተን ቀጥታዊ በረራታት ንኽጅምር ከፍቅድ ከም ዝኾነ፡ ንግዜያዊት ፕረዚደንት ቬነዝዌላ ደልሲይ ሮድሪገዝ ኣረጋጊጹላ ምንባሩ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

ዋና ጸሓፊ መጎዓዝያ ኣመሪካ ሾን ፒ. ዳፊ፡ ምጅማር ናይቲ ቀጥታዊ በረራ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ቬነዝዌላን ዘሎ ዝምድና ንምሕያልን ሓድሽ ናይ ቁጠባ ዕድላት ንምኽፋትን ዝሕግዝ ወሳኒ ስጉምቲ ምዃኑ ኣረዲኡ።

## ኣመሪካ - ብመጥቃዕቲ ስሕለት ሽዱሽተ ሰባት ቆሲሎም

ኣብ ክፍለ ሃገር ዋሽንግተን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ስሕለት፡ ሽዱሽተ ሰባት ከም ዝቖሰሉ፡ ፖሊስ ናይቲ ከባቢ ሓቢሩ።

ቡቲ መጥቃዕቲ፡ ሓሙሽተ ተመሃሮን ሓደ ኣብ ሓለዋ ጸጥታ ተዋፊሩ ዝነበረ ሰራሕተኛን ከም ዝቖሰሉን፡ ኣብ ደሓን ኩነታት ከም ዝርከቡን ተፈሊጡ ኣሎ።

እቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ዘሎ ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ጥርጡር'ውን፡ ተመሃራይ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ምዃኑ፡ ኣፈኛ ፖሊስ ናይታ ከተማ ሸልቢ ቦይድ ኣነጺሩ።

ኣብ 2007 እውን፡ ኣብታ ቤት ትምህርቲ ህይወት ሓደ ተመሃራይ ዝለከመ መጥቃዕቲ ብረት ተፈጺሙ ከም ዝነበረ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።





| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣሸፋእ | 02/05/26 | ጎደና ከልዓውታ ቁ.57 ኣኸርያ ከባቢ እንዳ ዓለቦሺት | 07157709 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565